# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.41 ረቡዕ 18 ጥቅምቲ 2023 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ


ገጽ 2
ንመጻምድኺ ፍቕሪ እትልግሰሉ መንገዲታት. . .



ገጽ 3
'ኲናት ጥቅምቲ 1973' - ኣብ 50 ዓመቱ እንክዝከር!



ገጽ 4
ጋስትሮፖዳ



ገጽ 5
ሓጉስን ሕጉሳትን



ገጽ 7
ውድድር ሓይልታት ምክልኻል. . .




## መስርሕ ጽገና ዲጋ ጻዕዳ-ክርስትያን ናብ ምዝዛም ተቓሪቡ



ብሸነኺ ደብትን ከፊላዊ ዕንወትን ንሸውዓተ ዓመታት ካብ ስራሕ ወጻኢ ኮይና ዝጸንሐት፡ ኣብ ንኡስ ዞባ በሪኽ - ምምሕዳር ከባቢ ጻዕዳክርስትያን እትርከብ ዲጋ ንምጽጋን ብደገፍ ማሽነሪ ዝቐጸለ ስራሕ፡ 98 ሚእታዊት ከም ዝበጽሐ ተሓቢሩ።

ሓላፊ ጨንፈር ሕርሻዊ ትሕተ-ቅርጺ ዞባ ማእከል ኢንጂነር ኣብርሃም ዳንኤልን ነቲ ስራሕ ዝመርሕ ዘሎ ኢንጂነር ሕሩይ ኣማኑኤልን፡ እቲ መደብ ብምትሕብባር ክፍሊ ህንጻዊ ልምዓት፡ ፕሮጀክት ዓዲ-ሃሎን ተሳትፎ ህዝቢን ይሰላሰል ከም ዘሎ ብምሕባር፡ እታ ዲጋ ምሉእ ብምሉእ ምስ ተዛዘመት - 100 ሽሕ ሜትር ኩብ ማይ ናይ ምውሃል ዓቕሚ ከም ዝህልዋ ኣረዲኦም።

እታ ዲጋ፡ ጸገማት ማይ ናይ'ቲ ከባቢ ብምቅላል ኣብ ሕርሻዊ ልምዓት ኣበርክቶ ክትገብር ትጽበት ከም ዝዀነት ደማ ሓቢሮም።

ሓላፊ ፕሮጀክት ሸውዓተ ዓዲ-ሃሎ ኣቶ በርሀ ንጉሰ፡ እኹል ዓቕሚ-ሰብን ማሽንን ብምውፋር - ነቲ ስራሕ ኣብ ዝሓጸረ እዋን ንምዝዛሙ ይጽዕቱ ከም ዘለዉ ገሊጹ።

ነበርቲ ኣብ'ታ ዲጋ ልዑል ተስፋ ከም ዘለዎም ዝጠቐሱ ወዛብቲ ርእይቶ፡ ብመልክዕ ወፈራታት ዝቐጸሉ ንጥፈታት ምዕቃብ ማይን ሓመድን ምፍዋስ ማይ-ከዎታትን ብዘለዎ ክደፍኡሉ ተላብዮም።

ካብ ኣስመራ ንሸነኽ ምዕራብ ኣስታት 12 ኪሎሜተር ርሒቓ እትርከብ ምምሕዳር ከባቢ ጻዕዳክርስትያን፡ ኣስታት 9 ሽሕ ነበርቲ ኣለዉዋ።

## ዓዲ-ኳላ - ንደቂ-ኣንስትዮ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ሰሚናር ተዋሂቡ

ኣብ ዓዲ-ኳላ፡ ኣብ ምዕዛዝ ንቕሓትን ምሕያል ውዳበን ደቂ-ኣንስትዮ ዝቐንዐ - ኣብ'ቲ ከባቢ ንዝርከባ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ሰሚናር ተዋሂቡ።

ሓላፊት ሃገራዊ ዞባ ደቡብ ወ/ሮ ሰናይት ኣፈወርቂ፡ ተራን ኣበርክቶን ኤርትራውያን ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ዝተፈላለየ መድረኻት ብሰፊሑ ድሕሪ ምብራህ፡ ኩሉመዳያዊ ብቕዓተን ንምዕዛዙ ማሕበር ምስ ዝምልከቶም ኣካላት መንግስቲን ግንባርን ብምትሕብባር ጻዕራታቱ ይቕጽል ከም ዘሎ ኣረዲኣ።

ብዛዕባ ተሳታፍነት ደቂ-ኣንስትዮ፡ ቁጠባዊ ዕብየት ሃገር ክረጋገጽ ከም ዝኽእል ብምዝኽኻር፡ ምዕሩይ ተሳታፍነት ምርግጋጽ - ሕርያ ዘይብሉ ግዴታ ከም ዝዀነ ደማ ኣስሚራትሉ።

ኣብ ዝሓለፈ ናይ መኸተ መድረኻት ደቂ-ኣንስትዮ ዘርኣያኦ ጅግንነት ዘመገሰ ኣዛዚ ክፍለሰራዊት 13 ኮሎኔል ጉይትኦም ተስፋሚካኤል ብወገኑ፡ ተረኽቦቲ ሕድሪ ወለዱ - ኺ ዝወራረስ ቅያዝ፡ ኣብ ልምዓት እውን ከም ዝደጋግሞ ዘለዎ እምነት ገሊጹለን።

ኣብ'ቲ ሰሚናር፡ ንሕግን ሳዕቤናት ሃሰይቲ ልምድታትን ዝምልከት መብርሂ እውን ተዋሂቡ።

## ከረን - ወነንቲ ትካል 'ኤስቲ' ጽጉማት ተመሃሮ ሓጊዞም

ኣብ ከተማ ከረን፡ ወነንቲ ትካል ሕብስቲ 'ኤስቲ' ንደቂ-ሰወኣት ተመሃሮ ዝውዕል 30 ሽሕ ናቕፋ ሓገዝ ሂቦም።

ብስድራ እትውሃብ ትካል ሕብስቲ 'ኤስቲ'፡ ኣብ ርእሲ'ተን ዓመታዊ ክትሕግዘን ዝጸንሐት 6 ስድራ-ሰወኣት 4 ብምውሳኽ - ን10 ስድራ-ሰወኣት እያ ንመማህራ ናውቲ ትምህርቲ ሓገዝ ኣበርኪታ።

ኣብ'ቲ ኢጋጥሚ፡ ኣካያዲት ስራሕ ምምሕዳር ከተማ ከረን ወ/ሮ ለተንጉስ ኣብርሃ፡ ወነንቲ እታ ትካል - ዓመታዊ ክገብርዎ ዝጸንሑ ደገፍ ምኻኑ ብምዝኽኻር፡ "ክሰዓብ ዝግብኦ ሰናይ ተግባር" ክትብል ገሊጻቶ።

ወነንቲ ትካል ሕብስቲ 'ኤስቲ' ዝሓለፈ ዓመት እውን፡ ብምምሕዳር ከባቢ ንዝተለለያ 6 ስድራ-ቤታት ንፍሲ-ወከፈን 5 ሽሕ ናቕፋ ሓገዝ ኣበርኪቶም ነይሮም።

## ኣብ ን/ዞባ ሞጎሎ፡ ምርጫ ኣመሓደርቲ ተኻዪዱ

ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ - ንኡስ ዞባ ሞጎሎ፡ ነበርቲ ምምሕዳራት ከባቢ ዓድ-ብሩሃይ፡ ዓድ-መርጌ፡ ሾግለት፡ ኣረዱ ኣብርዓምን ሞጎሎን ካብ 20 መስከረም ክሳብ 2 ጥቅምቲ፡ ናይ ኣመሓደርቲ ከባቢ፡ ኣካበርቲ ዓድን ኣካየድቲ ስራሕን - ቀዋሚይ ገጽ ምርጫታት ኣቃኒዖም።

ኣብ'ቲ ኢጋጥሚ፡ ኣብ ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዘገልግሉ ሓደስቲ ደያኑ እውን ተመሪጾም።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሞጎሎ ኣቶ ኣብርሃም ኪዳኑ፡ እቲ ምርጫ ዕላማኡ ነቶም ከገልግሉ ዝጸንሑ ኣመሓደርትን ደያኑ ኮማዊ ቤት-ፍርዲን ንምትካእ ከም ዝዀነ ድሕሪ ምሕባር፡ ንሓደስቲ ምሩጻት ሰናይ ናይ ስራሕ ግዜ ተመንዩሎም።

ካልኣይ ገጽ ምርጫ፡ ኣብ መወዳእታ ወርሒ ጥቅምቲ ኣብ'ተን ዝተረፋ 5 ምምሕዳራት ከባቢ ክቕጽል ምዃኑ ኣብ'ቲ ኢጋጥሚ ተሓቢሩ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ሞጎሎ፡ ኣብ 11 ምምሕዳራት ከባቢን 23 ዓድታትን ዝጥርነፉ 23 ሽሕ ነባሪ ኣሎ።

## ዕርቃን ድርብ ዕያር

ብ7 ጥቅምቲ ዝተወልዐ ኲናት ቓዛ፡ ካብ ክልቲኡ ወገን ልዕሊ 4,000 ሰባት ቀዚፉ፡ ልዕሊ 10,000 ኣቚሲሉ፡ ግዙፍ ዕንወት ኣውሪዱ፡ ኣማኢት ኣሽሓት ኣመዛቢሉ ኣሎ። ሰላማዊ መዕለቢ እንተዘይተገይሩሉ ድማ፡ ዝኸፍአ መቕዘፍትን ዕንወትን ከውርድ፡ ኣብ ኣዝዩ ተኣፋፊ ክፋል ዓለምና ሰፊሕ ዞባዊ ግጭትን ህውከትን ከበርዕ ዒቢ ተኽእሎ ኣሎ።

ነዊሕ ድሕረ-ባይታ ናይዚ ግጭት'ዚ ንገድፍ ጉዲፍና፡ ኣብዚ ኲናት'ዚ፡ ህዝቢ ዓለም ዝዕዘቦ ዘሎ ድርብ ዕያር፡ ነቲ ኣብ ጽውጽዋያት ሃንስ ክርስትያን ኣንደርሰን እነንብቦ 'ምዕሩግ ልብሲ ተኸዲኑ - መሩቕሊይ' ክብል ኣብ ቅድሚ እኩብ ህዝቢ ጥራሕ ነብሱ ዝኸደ ሃጼይ ዘዘኻኽር እዩ።

ተሓለቕቲ ኣደማሳዊን ኣህጉራዊን ሕግታት፣ ጠበቓታት ስልጡን ዓለማዊ መትከላት፣ ሃዋርያ ደሞክራሲን ሰብኣዊ ሓርነትን ኢና ዝብሉ ተመጻደቕቲ፡ ኣብ ብዙሕ ግጭታት ብሰብኣውነት እምብዛ ተጨነቕቲ መሲሎም ክዋስኡ ምርኣዩ፡ ህዝቢ ዓለም ዝረብረበሉ እዩ። ግደ ሓቂ ግን፡ ስለ ኣህጉራዊ ሕጊን ሰብኣውነትን ቀንጣብ ተጨኒቖም ኣይፈልጡን። እቲ ምኡዝ ስብከት ዝቐደሰሉ፡ ካብ ቻርተር ሕቡራት ሃገራት ጀሚርካ ኣብ ዝተፈላለዩ ኣደማሳዊ ሕጋጋትን ውዕላትን ዝሰፈረ ብበዓይኑ ኣሰማት ዝተዋህቦ መሰላትን ሓርነታትን፣ 'ዝይምእዘዙ' ንምጽቃጥን ንምፍርራሕን እምበር፡ ንኣታቶም ወይ 'ወገና' ንዝብልዎ ዝምልከት ኣይኮነን። ኣብኦም በጺሑ፡ ብስሩ ክርጥርጥ ወይ ደማ ከም ዝጥዕመካ ገይርካ ክስርሓሉ ዝኽእል'ዩ። ሰብ ድርብ ዕያር፡ ዝኾነ ክስተት፡ ቅኑዕነቱን ፍትሓውነቱን ብዘየገድስ፡ ዝበኖም ቀሊዖም ጸግዒ ክሕዙ ስክፍታ የብሎምን።

- ከም ዝፍለጥ ባይቶ ጸጥታ፡ ኣብ ብዙሕ ዓበይቲን ንኣሽቱን ግጭታት ብሀጹጽ ክእኪብ እናተጸውዐ ውሳኔታት የሕልፍ እዩ - ንኣብነት ኣብ ግጭት ሊብያ። ኣብ ኲናት ሩስያን ኡክረይንን፡ ሃገራት ተኣኪበን ንሩስያ ኪኹንና ዝተቐሰቡሉ ናይ ቀረብ ፍጻመ ኣሎ። ካልእሲ ይትረፍ ኣብ እዋን ግጭት ሶማልን ኢትዮጵያ፡ ባይቶ ጸጥታ ልዕሊ 10 ግዜ ተኣኪቡ ምንባሩ ኣይርሳዕን። ኣብ ጉዳይ ቓዛ ግን፡ ክሳብ ክንድኡ ሻቕሎትን ተርባጽን ኣይተራእየን። ትማሊ ኣብ ዝተጋብአ ኣኼባ ባይቶ ጸጥታ ድማ፡ ብሩስያ ዝቐረበ "ንስለ ሰብኣዊ ምኽንያታት ተኹሲ ደውምባል" ዝጠልብ ንቡር እማመ (Humanitrain ceasefire) ብበዝሒ ድምጺ ሃገራት ምዕራብ ተነጺጉ።
- ሓደ ሃገር መጥቃዕቲ ምስ ዝፍጠሞ፡ ብዓንቀጽ 51 ቻርተር ሕ.ሃ. መሰረት ናይ ርእሰ ምክልኻል መሰል ኣለዎ። ድሕረ-ባይታ ናይቲ ኩነታት ብዘየገድስ፡ እስራኤል ከም ግብረ-መልሲ ናይቲ ብምንቅስቓስ ሓማስ ዝወረዳ መጥቃዕቲ፡ ሰብኣዊ ሕግታት ኲናት ብዘይጥሕስ መገዲ ተመጣጣኒ ግብረ መልሲ ክትህበሉ ይከኣል ይኸውን። ሃገራት ምዕራብን ኮሚሽን ሕብረት ኤውሮጳን ግን፡ ነቲ ኲናት ብዘይዕቃብ ክደፍእሉ እዮም ተራእዮም።
- ብጽቕጡ ህዝቢ እኳ እንተተኸለሱ፡ ሕብረት ኤውሮጳ ኣብቲ መጀመርታ መዓልታት ንፍልስጤም ዝሀቦ ዝበረ ፕሮጀዊ ሓገዝ ክቋረጽ ወሲኑ ነይሩ።
- ፈረንሳን እንግሊዝን ብመምርሒ ሚኒስተራት ወሽጣዊ ጉዳያት፡ ንፍልስጤም ዝድግፉ ሰላማዊ ሰልፍታትን ምንብልባል ባንዴራ ፍልስጤምን ከም ገበን ብምቑጻር ክኽልክላኦ ፈቲነን።
- ሕብረት ኤውሮጳ፡ ኣብ ማሕበራዊ ሚድያ (እቲ ኣውራ ማዕከናት ዜና ብዘዘዋዋሪ ስለዝቆጻጸርኦ) ንተግባራት እስራኤል ዝምልከት 'ዘንብዑን ዘይሕጋዊን' ዝበሃሉ ሓበሬታ ክእገድ ወሲኑ።
- ኮምሽን ሕብረት ኤውሮጳ፡ ኣብ ኲናት ኡክረይን ንሲቪላዊ ትሕተ-ቅርጻን ቀረብ ኤሌክትሪሲቲን ዝተኸትኸ ተግባራት ሩስያ፡ 'ገበን ኲናት'ዩ' ከም ዝበሃሎ፡ ምኽርናን ቓዛ ሕጋዊ መሰል ግብረ-መልሲ'ዩ ክብል ሞጉቱ።

ማዕከናት ዜና ምዕራብ፡ ኣብ ግጭት ቓዛ ብዛዕባ ምቁራጽ ተኹሲን ሰላማዊ ፍታሕን ብጩቕ ክብሉ ኣይተሰምዑን። ሓቅነት፣ ውድዓውነት፣ ሚዛናውነት እናተባህለ ዝስበኸሉ ዜናዊ ስነምግባር ኣሰሩ የለን። ብቕሉዕ ጸግዒን ሻርነትን ዓቢይቲ ዝበሃላ ማዕከናት ዜና ክብረን ሓሲሩን ፈኺሱን፡ መጋበርያነተን ህዝቢ ዓለም ብኣርምሞ ይዕዘቦ ኣሎ። እቲ ድርብ ዕያር ዓይኑ ዘፍጠጠ'ዩ። እቲ ጸቡቕ ነገር ግዱ ለሚ ህዝቢ ዓለም ነቲ ብምስሉይ ስብከት ቀልቢ የማሃት ክስሕቦን ኪጋጊን ዝጸንሐ ኣምሰሉነት ነቒሑሉ፡ ድርብ ዝዕያሩ ፖሊሲ፡ ከምቲ ሃጼይ ብዘይ ጉልባብ ጥራሕ ዕርቃኑ ወጺኡ፡ ህዝቢ ዓለም ኣብ ዝኸዕቦ ደረጃ ምብጻሑ እዩ።

ቦርድ ክፍሊ ጋዜጣ




# ንመጻምድኺ ፍቕሪ እትልግሰሉ መንገዲታት. . .

ማርታ ክብሮም

ፍቕሪ ብሕጽር ዝበለ ኣገላልጻ ብስምዒታውን ኣካላውን ቅርርብ ክግለጽ ይከኣል። ገለ ካብቶም ስምዒታዊ መዳያት ንምጥቃስ፡ ንመጻምድትና ፍቕርናን ኣድናቖትናን ብቓላት ምግላጽ እዩ። እዚ ግና ብተግባር ዝዝተሰየ ክኸውን ይግባእ።

ኣብ ልዕሊ መጻምድትና እንርእዮ ኣድናቖት፡ ኣብ ፍቕሪ መጻምድትና ዓቢ ተራ ኣለዎ። ንመጻምድትና ኣድናቖት ምምጣው ከም ከቢድ ነገር ገይርና ክንርእዮ ኣይግባእን። እኳ ደኣ ከም ባህርያዊ ወይ ከም ኣገዳሲ ነገር ክርኣ ኣለዎ። ንመጻምድትና፡ በቲ ኣብ ገዛ ይኹን ኣብ ስራሕ ዘርእዩ ስራሓት ወይ ንጥፈታት ከድንቖ እንተደኣ ፈቲና እቲ ዝበለጸ መቀራረቢ እዩ።

ገለ ካብኣቶም ንምጥቃስ– ኣብ ምክንኻን ቈልዑ፡ ኣብ ፋይናንሳዊ ሓላፍነት፡ ኣብ ሓፈሻዊ ሓላፍነት ናይ ሓዳር፡ ኣቦ ዘለዎ ሓልዮት፡ ብሓፈሻ ድማ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ጸቢቕ ዝገበርዎ ስርሓት ኣድናቖት ምልጋስ እዩ። ድምጺ ኣድናቖት፡ ንሓደ ማሰረታዊ ድሌት ወዲ ሰብ ዝምልስ ተግባር ምኻኑ ክንፈልጦ የድለ። ኣድላይነቱ ግዕረ መግቢ፡ ኣክስጅንን ድቃስን ክስራዕ ይከኣል። ኩላትና ኢና ኩኣ ብማዕረ እንደልዮ። ምኽንያቱ ሓደ ኣካል ናይ ሓቀኛ ፍቕሪ ስለ ዝኾነ።

ሰብኣይ ርእሲ ስድራ ምኻኑ ምፍላጥ፡ ኣብ ዝኾነ እዋን ሰብኣይ ክብረቱ ክትንክፍ ኣይደልን እዩ። ሰበይቱ ብዘይ ኣገባብ ክትምልሰሉ፡ ክትደፍሮ ኣይደልን እዩ። እዚ ምስ እትገብር ከም ናይ መውዳእታ መገዲ ሕሰረት ገይሩ እዩ ዝወስዶ። ስለዚ ኣብ ክንዲ ኣፍ-ኣፉ ምምላስ ሃዲእና ክንምልስ እንኽእለና እዩ’ቲ ዝበለጸ - ልቢ እውን ዘረስርስ።

ምኽባር ይሃሉ፣ ንሸኺ ጀምርዮ ንሱ ድማ ክስዕበኪ እዩ። እዚ ናይ ክልተ ወለዲ ሓድሕዳዊ ምኽባር፡ ኣብቶም ዝዕበዩ ቆልዑ እውን ዓቢ ተራ እዩ ዘጻውት። ኣብ ምኽባር ዝጸሰሎ ስድራቤት ዝዓበዩ ቆልዑ፡ ኣብ ወለዶም ይኹን ኣብ ካልኦት ሰባት ድማ ክብሪ የርእዩ። ኣብ ዝኾነ ኩነታት ወይ ጸገማት፡ ኣብ መንጎ መጻምድቲ ዜጋጥሙ ዘይምርድዳእ ብቑይቃ ክፍትሑ ኣይክእሉን እዮም። ኣብ ሓዳር ከቢድ ዝኾነ ዕንወት ከውርድ እኽእሎ ኣብ ቆልዑ ድማ ነዊሕ ዝኸይድ ኣሉታዊ ሳዕቤን የኸትል። ኣብ ቀጻሊ ቀይቃ ዝርከቦ ገዛ ዝዓበዩ ቆልዑ፡ መብዛሕትኡ ግዜ ኑብስ ምትሓት ዘለዎም፡ ስምዒታውያን፡ ዘይንብር ጠባይ ዘንጸባርቑን ኣካዳምያዊ ጸገማት ዘርእዩን ኮይኖም እዮም ዝዓብዩ።

ስለዚ፡ ኩሉ ግዜ ምስ መጻምድትና ትሕቱታት ክንኸውን ኣሎና። እዚ ንኽልቲና መጻምድቲ እዩ ዝምልከት። ዓምድና ‘ዓምዲ ደቂ ኣንስትዮ’ ብዝያዳ ናብ ደቂ ኣንስትዮ ከተኩር ስለዝግባእ ግን፡ ፈለማ እቲ ብኣውራኡ ንሕና ደቂ ኣንስትዮ ክንገብሮ ዝግብኣና ከተፍል ኢያ እትመርጽ።

ካብ ንድኻመታትና ንሓያል ጐድንታትና ክንጥምት ይግብኣና። ነቲ ድኹም ጐድንታትና ከኣ፡ ክንምዝምዞ ዘይኮነ ብዝዕባኡ ነቒሕና ብትዕግስትን ትሕትናን ኣብ ምቕያሩ ክንጽዕር የድልየና።

ኣብ ዝኾነ ጉዳይ፡ ኣብ ዝኾነ ቦታን እዋንን ንዓኣቶም/ንመጻምድትና ዘትሕት ናይ ልዕልና ስምዒት ከርኢ ከቶ ኣይግብኣናን እዩ። ኣብ ገዛእ ሓዳርና፡ ኣብ ክንዲ ጌጋታትና ኣሚንና ንሓድሕድና እንኻዘዙ ንሓድሕድና ኣብ ምውቕቃስ እንነጽ ብዙሓት ኣሎና። እዚ እምበኣር፡ ሓላፍነትና ዘንገልና ጌጋታትና ንመጻምድትና ከም ምስኮም እዩ ክትርጉም ዝከኣል።

ሕድገት ኣብ እንገብረሉ ግዜ እውን ዳግማይ ጌጋታት መጻምድትና ክንዝርዝሮን ክንምዝምዞን ኣይግብኣናን። ምስ መጻምድትና ጸቢቕ ናይ ምርድዳእ ክእለት ክነማዕብል ኣሎና። እዚ ድማ ኣብ ሓደ ስምዒትን ኣተሓሳስባን ምእንቲ ክንበሉ እዩ። በቲ ግቡእ፡ ኣብ ሓዳርና ብዙሕ ጸቢቕ ስምዒታትና ጥራሕ ዘይኮነ፡ ብዙሕ ሕማቕ ስምዒታትና ክንሓዝ ይግብኣና እዩ። እቲ ቀንዲ ክነስርሓሉ ዝግብኣና ድማ፡ ሕማቕ ስምዒታትና ብስሉጥ መገዲ ንመጻምድትና ክንገልጽ ምኽኣል እዩ።

ኣብ ሓዳር ዘይምርድዳእ እንተደኣ ተፈጢሩ፡ ፍቕሪ ይጠፍእ ከም ወጺኢቱ ብዙሕ ነገራት ናይ ህይወትና ናብ ሕማቕ የምርሕ። ስለዚ ዝ ንምእላይ፦

- ንኣሽቱ ነገራት ከም ንኣሽቱ ምርኣይ፡ ካብ ንእሽተይ ነገር ኩርባ ወይ ጉቦ ዘይምፍጣር።
- ንሓድሕድካ ምርድዳእ - ነቲ እንገብሮ ጠባይ ዝርርብ ይኹን ርእይቶ ምሃብ፡ ናብ ክትዕ ከየምርሕ ምሕላው ወይ ምጥንቃቕ።
- ልሳንናን ስምዒታትናን ምግታእ - ነቲ እናፍቅሮ ድኽምን ዕውትን ጐድንታቱ ስለእንፈልጦ ናብቲ ድኹም ወገን ብምቕናዕ ሕማቕ ቃላት ብምውርዋር ስምዒቱ ኣይንጉዳእ።
- ርትዓዊ ምኻን - ብቕንዕና ደኣ ስምዒትና ንግለጽ እምበር ኣይንዘንጥል ኣይንጐጥዮ።
- እትገብሮ ነገር ኣብ ውሸጢ ሓድሕድካ ምግባር - ልዕሊ ዓቕምና እንተዘይኮይኑ ሳልሳይ ኣካል ኣብ መንጎና ዘይምእታው። ከም ጉረባብቲ፡ መሓዙትና፡ ደቅና ወይ’ውን ኣዝማድና ዝኣመሰሉ ሰባት ኣብ መንጎና ብምእታው ምስጢርና ንደገ ኣይነውጽኣዮ።
- ኣብ ህሉው ነገር ጥራይ ምዝርራብ - ብዙሕ ዝሓለፈ ኣልዒልና ንሓድሕድና ዘይምውንጃጃል። ብመንጽር እቲ ሕጂ ዘሎናሉ ደረጃ፡ እቲ ሕሉፍ ከም ሕሉፍ ገዲፍና ደኣ ንርእዮ እምበር፡ ንድሕሪት ተመሊስና ዝተረስዐ ነገራት ዘይምዝካር።



# ደቂ-ኣንስትዮ ንምሕያልን ተራኦን ንምጕላሕን ካብ ዝእንገዱ ፈስቲቫላት

ዓለም ብዘቕሳ ፖለቲካዊ ስርዓት ትመሓደር ብዘየገድስ፡ ኣብ ጉዳይ ምኽባር መሰል ደቂ-ኣንስትዮ ምሉእ ብምሉእ ክሳብ ሕጂ ዘይተቐየሩ ነገራት ኣለዉ። ደቂ-ኣንስትዮ፡ ካብ ኩሉ መዳያዊ ጭቆና ንምንጋፍ ክቃለሳ ይግደዳ ነይረንን ኣለዋን። ጌና እቲ ዝበረ ጸቓጢ ኣባታዊ ባህሊ ምሉእ ብምሉእ ስለ ዘይተቐየረ ድማ፡ ንመሰለን ካብ ምቅላስ ኣየዕረፋን። ቃልሰንን ጻዕረንን ብዝተፈላለየ መልክዕ ይቐጽላኦ ኣለዋ። ንሎሚ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ሕብረተሰባት ንኽብርን ኣበርክቶን ደቂ-ኣንስትዮ ንምጕላሕ ዝካየዱ ፈስቲቫላት ክንርኢ።

1. ፈስቲቫል ተኽላ - ሸወደን– ኣብ ወርሒ ሚያዝያ ዝበዓል ኮይኑ ኣብ ክሊ ዕድመ 11-18 ንዝርከባ ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ቴክኖሎጂ፡ ስነ-ፍልጠት፡ ምህንድስናን ቁጽርን ሱታፌኣንን ኣበርክቶኣንን ከዕዝዝ ዝጸለመ እዩ። ኣብ መዳይ ቴክኖሎጂ፡ ቁጽሪ ደቂ-ኣንስትዮ ናይ ካብ ደቂ-ተባዕትዮ ውሑድ እዩ። ስለዚ እዚ ዘሎ ዓብላልነት ንምውጋድ፡ ርቢን ካርልሶን ዝተባህለ ደረፋይ ኣብ 18 ሚያዝያ 2015 ተኽላ ዝበል ስም ብምውጻእ፡ ነቲ ፈስቲቫል ፈለምዎ። ከም ካልኣይ ዕላማ እዚ ፈስቲቫል፡ ደቂ-ኣንስትዮ ነቲ ከይጉብራኦ ዝፀንቅጸን ማሕለኻታት ሕብረተሰበን በዲህን ኣብ ዓወት ክበጽሓ ንምትብባዕ እዩ።

2. ፈስቲቫል ምዝንጋዕ - ቺካጎ– ኣብ ወርሒ ታሕሳስ ዝጽምበል ኮይኑ፡ ዕላማኡ ድማ ናብ ኮሜድያን ደቂ-



ኣንስትዮ ዝቐንዐ እዩ። ኣብዚ ፈስቲቫል፡ ደቂ-ኣንስትዮ በብጉጅለ ብምኻን ኮሜድያዊ ምርኢትን ኣዘናጋዕቲ መደባትን ብምቕራብ፡ ንተሳተፍቲ እቲ ፈስቲቫል የዘናግዓ። ከምኡ እውን ብዙሓት ስነ-ጥበበኛታት ደቂ-ኣንስትዮ ኣብቲ ጽምብል ስለ ዝሳተፋ ዓቢ ናይ ምልውዋጥ ተመኩሮ ይቐስማን ካብ ንሓድሕደን ብዙሕ ይመሃራን። ኣብዚ ንኣርባዕተ መዓልታት ዝቕጽል መደብ ክባ 500 ተዋሳእቲ ይሳተፋ።

3. ፈስቲቫል ምኽሻን መግቢ - ፈረንሳ– ውድድር ደቂ-ኣንስትዮ ኣኽሻሽና መግቢ እዩ። ፍሉይነት ናይዚ ጽምብል ብዝተፈላለዩ ምቅራራብ መግቢ ዝቐየድ ምኻኑ እዩ። ቀንዲ ዕላማ እዚ ፈስቲቫል፡ ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ኣኽሻሽና መግቢ ዘለወን ክእለት ንምንጽባራቕ እዩ።

4. ፈስቲቫል ብሉጻት ደቂ-ኣንስትዮ - ለንደን፦ ንኽብሪ እተን ብዙሕ ማሰገደላትን ሕልኽላኽ ህይወትን በዲህን ኣብ ዓወት ዝበጽሓ ደቂ-ኣንስትዮ ዝጽምበል እዩ። መሓዙት፡ መራሕቲን ፖለቲካውያንን ደቂ-ኣንስትዮ ካብ ተሳተፍቲ ናይዚ ፈስቲቫል እየን። ኣብ ፍቕሪ፡ ፖለቲካ፡ መሰላተንን ዝበሉ ነጥብታት ኣልዒለን ድማ ይዘራረባ።

5. ፈስቲቫል ምሱዕም - ፊንላንድ፦ እዚ ሓደ ካብቶም ጥንታውያን ፈስቲቫላት ኮይኑ፡ ካብቶም ብኽብሪ ዝበዓሉ እዩ። ሎሚ ድማ ሓደ ካብቶም ኣዘናጋዕቲ ፈስቲቫል ኮይኑ ዘሎ እዩ። እዚ ፈስቲቫል፡ ብደቂ ተባዕትዮ ዝግበር ኮይኑ መግለጺ ሓቀኛ ፍቕሪ ንኣንስትዮም እዩ። እዚ መጻምዲ ዕድሚኦም ልዕሊ 17 ዓመት ክኸውን ኣለዎ። ኣብዚ ፈስቲቫል ንሰበይትኻ ተሰኪምካ ወይ ሓዚልካ ኢኻ ናብቲ ውድድር ትኣቱ - ቅድድም ጉያ እዩ። ኣብዚ ዝተዓወተ ሰብኣይ ፍሉይ ሽልማት እዩ ዝወሃቦ። ክንዲ ክብደት ሰበይቱ ዝኸውን በራ ይወሃብ።

6. ፈስቲቫል መዘቃ– እዚ ኣብ ዓውዲ መዘቃ ንዘጥፍኡ ደቂ ኣንስትዮ ዘተባብዕ በዓል እዩ። ነቲ ጓል ኣንስተይቲ ኣብ መዓልታዊ ሂወታ እትሓልፎ ማሕበራዊ ህይወት ብዩርፊን ግጥምን ተሰንዩ ድማ ይቐርብ። ንኣርባዕተ መዓልቲ ዝቕጽል ፈስቲቫል ኮይኑ ንተብዓትን ሓይልን ደቂ ኣንስትዮ ብዘገልጹ ባህላዊ መደባት ወቅቡ ይጽምበል።

7. ፈስቲቫል ቀዳመ-ሰንበት - ኣየርላንድ፦ ኣብ 2004 ከም ዝተጀመረ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ዓመታዊ ዝበዓል በዓል እዩ። ናብ ዝተፈላለዩ ኣዝዮም ደስ ዘብሉን ሱሓብትን ቦታታት ኣየርላንድ እናተገዓዝካ ዝግበር ፈስቲቫል እዩ።

8. ፈስቲቫል ራጃ፡ ኣብ ወርሒ ሰነ ዝቐየድ እዩ። ንፍርያትን ጸጊያትን ደቂ ኣንስትዮ ዝገልጽ እዩ። እተን ዘይተመርዓዋ ደቂ ኣንስትዮ፡ ነዊሕ ጸቡቕ ክዳን ይኽድና። ኣብ ጸጉረን ድማ ወቁብት ዕንባብታት ይገብራ። ኣብዚ ንሰለስተ መዓልቲ ዝቐጽል መደብ፡ ደቂ ኣንስትዮ ብጅካ ተኣኪበን ምዝንጋዕ ካልእ ዝኾነ ስራሕ ኣይምልከተንን እዩ። ኣብ ልሙዕ ቦታ ዝቐየድ ብምኻኑ ነቲ ጽምብል ፍሉይ ውቃብ እዩ ዝፈጥረሉ።

## ካብ ባህርያት ደቂ-ኣንስትዮ

- ደቂ-ኣንስትዮ፡ መፍትሒ ሽግር ኣብ ዘናድያሉ እዋን፡ ክልተ ክፋል ሓንጎለን (የማናይን ጸጋማይን) ይጥቀማ።
- ደቂ-ኣንስትዮ ልዕሊ ደቂ-ተባዕትዮ ፍርሕን ጸቕጥን የጥቅዐን።
- ደቂ-ኣንስትዮ ስምዒት ሰብ ኣብ ምንባብ ሓያላት እየን።
- ደቂ-ኣንስትዮ ቅድሚ ነዊሕ ዝረኣያኦ ገጽ ኣብ ምልላይ ንፉዓት እየን።
- መብዛሕትኤን ደቂ-ኣንስትዮ፡ ናይ ሕልሚ ዓለም ኣለወን። ሓንቲ መዓልቲ እታ ብናተን ሕልሚ ዝተፈጥረት ዓለም ጋህዲ ከም እትኸውን ይኣምና።
- ደቂ-ኣንስትዮ ልዕሊ ደቂ-ተባዕትዮ ፍሽኽ ይብላ።
- መብዛሕትኤን ደቂ-ኣንስትዮ ብዘስሕቐን ወዲ-ተባዕታይ ዝያዳ ይስሓባ።
- ሓንቲ ጓል-ኣንስተይቲ ኣብ ዓመት ብዝምጋም ካብ 30-60 ግዜ ትበኪ።

## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቍ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ

ቍ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጳ. 247

ለይ-ኣውት
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ቤተልሄም ታደሰ
ፍርቱና ኤፍሬም
ቅሳነት ተወልደ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጳ. 1284

# ጾጋታት ባሕሪ

## ጋስትሮፖዳ

ዘወልዲ ሃይለ

ብደረጃ ዓለም፡ ልዕሊ 1,500,000 ዓሌታት እንስሳታት ብተመራመርቲ ተመዝጊቦም ኣለዉ። ካብዚኦቶም እቶም 3% ዓንዲ ሕቆ ዘለዎም ወይ ዓጽሚ ዘይብሎም ወይ ዘይዓጸማት እዮም። ከምቲ ሳዕሪ ካብ ኣታኽልቲ፣ ዘይዓጸማት እንስሳታት ድማ ካብ እንስሳታት ብዝበዝሑ ዓይነትን መወዳደርቲ የብሎምን። ዘይዓጸማት እንስሳታት ኣብ ልዕሊ መሬት፡ ትሕቲ መሬት፡ ኣብ ባሕሪ ኣብ እሳተ-ጎመራዊ መዓሙቕ ባሕሪ እውን ከይተረፈ ብብዝሒ ተዘርጊሖም ይርከቡ።

ካብቶም ዘይዓጸማት እንስሳታት ገለ ዓሌታት ካብ ጸላኢቶም ንምክልኻል ኣካላቶም ካልሲየም ካርቦኔት ዝተባህለ ተረር ድርዒ ዝተሸፈኑ እዮም። ስለዚ ኣብዚ ጽሑፍና ንገለ ካብዞም ብተረር ድርዒ ኣካላቶም ዝተሸፈኑ ክፍሊ እንስሳታት ማለት "ጋስትሮፖዳ" ክንሪኦም ኢና።

ክፍሊ ጋስትሮፖዳ ሓደ ካብቶም ብብዝሒ ዓይነትን ዝለዓለ ቁጽሪ ዝሓዙ ድርዓውያን እንስሳታት እዩ። እዚ ክፍሊ'ዚ ንስም "ኣረን"ን "ስላግ"ን ዝተባህሉ ብብዝሒ ዓቕንን ዝተፈላለዩ ዓሌታት ዝሓዘ ይውክል። እዞም ዓሌታት ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ከም ንቑጽ መሬት፡ ጥዑም ማይ፡ ጀቕጀቕ ሩባታት፡ ምድረበዳ ኣኽራናት፡ ጫካታት፡ ኣኻውሕ ባሕሪ ሓጻዊ ምድረብቲ ባሕሪ ከምኡ'ውን ኣብ መዓሙቕ ባሕርታትን ውቅያኖሳትን ኣብ እሳተጎመራዊ ወዑይ ማይ መዓሙቕ ባሕርን ተዘርጊሖም ይነብሩ። ገለ ዓሌታት ምስ ዝበዓቲ ዓሳታትን መጥበውትን ተጸጊዖም ካብ ኣካላቶም እናተመገቡ ይነብሩ። ክፍሊ ጋስትሮፖዳ ብዝበዝሑ ዓሌታት ድሕሪ ሓሸራታት ኣብ ካልኣይ ደረጃ ይስርዑ። ኣብ ባሕሪ ካብ ዝነብሩ ዓጸማት ይኹኑ ዘይዓጸማት እንስሳታት ድማ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ይሰርዑ።

መበቆል ስያመ ክፍሊ ጋስትሮፖዳ ካብ ቋንቋ ግሪኽ ዝተረኽበ ኮይኑ፣ "ጋስትሮ" ማለት "ከብዲ" ክኸውን ከሎ፣ "ፖዳ" ድማ "መሓውር" ማለት እዩ። ካብዚ ብምብጋስ መሓውርም ኣብ ከብዶም ተባሂሎም እውን ይጽውዑ እዮም።

ጋስትሮፖዳ ካብ ዘመን ካምብርያን ቅድሚ ከባቢ 500 ሚልዮን ዓመታት ከምዝፈለቑ ኣብ ቅሪት ብዝተዛዘበ መጽናዕቲ ይሕበር። ኣብዚ ሕጂ እዋን 611 ስድራቤታት ክፍሊ ጋስትሮፖዳ ክልለዩ ከለዉ እቶም 202 ስድራቤታት ግን ምሉእ ብምሉእ ካብ ገጽ መሬት ጸኒቶም እዮም። ዛጊት ኣብዞም ስድራቤታት ዝጥርነፉ ካብ 60,000 ክሳብ 80,000 ዓሌታት ኣረንን ስላግን ተመዝጊቦም ኣለዉ። ውሽጣዊ ኣካላቶምን ስርዓተ ኣመጋግባኦምን ኣዝዩ ዝተፈላለየን ዝተሓላለኸን ስለዝኾነ ንኹሎም ዝውክል መረዳእታ ንምውሳድ ኣዝዩ ኣጸጋሚ እዩ። ዋላ'ካ ዝበዝሕ እዋን እዞም ዓሌታት ብኣረን ዝውከሉ እንተኾኑ፣ ብሓፈሻኡ ኩሎም ኣብ ግዜ ሓደጋ ኑቱ ልስሉስ ኣካላቶም ብምሉኡ ብምሻፉን ካብ ተጻባኢቲ ከድሕኑም ዝኽእል "ካልስየም ካርቦኔት" ዝተባህለ ወህደት ዝተሰርሐ ግዳማዊ ድርዒ ዘለዎም እንስሳታት ኣብዚ ክፍሊ ይምደቡ። ብዘይካኡ ካልኦት ድርዒ ዘይብሎም ወይ ድማ ኣዝዩ ዝውሓደ ውሽጣዊ ድርዒ ዘለዎም ከም "ስላግ" ድማ ኣብዚ ክፍሊ ይጥርነፉ።

ኣብ ባሕሪ ዝነብሩ ዓሌታት ጋስትሮፖድ ከም ኣባሎ፣ ኮንቺ፣ ፐሪዊንክል፣ ወልክስን ኣረናታትን ካብቶም ተፈተውቲ መግቢ ዝተፈላለዩ ሕብረተሰባት እዮም።

ምስ ኩሎም ዓሌታት እንስሳታት ክወዳደሩ ከለዉ ብዘይካ ክፍሊ ሓሸራታት ብብዝሒ ኣብ መሬት ይኹን ኣብ ባሕሪ ዝወዳደሮም የለን። ዝርግሐ ጋስትሮፖዳ ብዝነብሩሉ ኣከባቢ ክርአ ከሎ፣ 24,000 ኣብ ንቑጽ መሬት፡ ልዕሊ 30,000 ኣብ ባሕሪ፡ እቶም 5,000 ዓሌታት ድማ ኣብ ጥዑም ማይ ወይ ሓውሲ ጨዋም ማይ ይነብሩ።

ጋስትሮፖዳ ኣብ ኩሉ ከባቢታት ዓለም ካብቲ ዝበረደ ዋልታት፣ ኣንታርክቲካውን ኣርክቲካውን ክሳብ ቆናት ምድሪ ብብዓሌቶም ተዘርጊሖም ይነብሩ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ድማ ብዝሆምታ ኣብ ነዊሕ እዋን ንዝተፈላለየ ቦታታት ንምልማድ ዘጥረይዎ ባህሪ እዩ። ስለዚ፡ ብዘይካ ኣብ ኣየር ኣብ ኩሉ ከባቢታት ብዘይ ጸገም ክነብሩ ይኽእሉ። ኣብ እኹል ንመስርሒ ድርዒ ዘገልግል ማዕድን ካልስየም ካርቦኔት ዘይብሉ ኣቲዶኣዊ ባህሪ ዘለዎ ሓመድ'ውን ከይተረፈ ገለ ዓሌታት ስላግን ፕላስቲክ ዝመስል ድርዒ ዘለዎም ኣረንን ይርከቡ። እዞም ኣረናታት ኣብ ክንዲ ካልስየም ካርቦኔት፣ ኮንቺዮሊን ዝተባህለ ፕሮቲን ተጠቂሞም ኑቲ ፕላስቲክ ዝመስል ድርዒ ይሰርሕዎ።

ገለ ውሑዳት ዓሌታት ኣረን ኣብ ንቑጽ መሬት ክነብሩ ከለዉ፡ እቶም ክልተ ሰለስተ ዓሌታት ግን ኣብ ባሕሪ ይነብሩ። ከም ስፎንጅፎርሚስ ቦያሲየራን ዘርቺሬስ ስትዘሲን ዝተባህሉ ክልተ ዓሌታት ድማ ኣብ ምድረበዳ ይርከቡ። ካልኦት ዓሌታት ኣረን ድማ ኣብ ከባቢ ኣዝዩ ዓሚቕ እሳተጎመራ ዝርከቦ ፍሉሕ ማይ፡ ኣብ ኣኻውሕ፡ ኣብ ብርቱዑ ማዕበል ዝርከቦ ጥምጥምን በዓትታት ባሕርን ይነብሩ።

ከምቲ ብዙሓት፡ ኣቃውማ ኣካላት ጋስትሮፖዳ ኣዝዩ ዝተፈላለየ ስለዝኾነ፡ ሓደ ወዳእ ዝኾነ ንኹሎም ዝውክል ጠባይ ንምግላጽ ኣጸጋሚ'ኳ እንተኾነ፡ ብሓፈሻኡ ክርአ ከሎ ኣረናታት ዝልለዩሉ ኣብ ግዜ ዕቤት ኣካላቶም ዘርእይዎ ማስርሕ ኣመዓብላ ድርዖም እዩ። እዚ ማለት ኣብ ግዜ ዕቤት ድርዖም 180 ናብ ሓደ ጎኒ ይዘውርሞ ማንቲሎም ኣብ ልዕሊ ወይ ትሕቲ ርእሶም ይመጽኡ። በዚ ምጉዕጻጽ ናይ ድርዒ፡ እቲ እንስሳ ዝዩዳ ናብ ጸጋማይ ጎድኒ ከምዝዞቢ ይኸውን። በዚ ምኽንያት ኣብ የማናይ ጎድኑ ዝኾነ ክፉታት ኣይምዕበሉን። ርእሱን ማንቲሉን ሓደ ማስመር ይሕዙ። እዚ ማስርሕ ቀዳማይን ዳሕረዋይን ኣካላቱ ብቐለሉ ኣብቲ ድርዒ ከምዝኣቱ ይኸውን'ሞ ክንቀሳቐስ ኣብ ዝዓለወሉ ግዜ ብመጀመርያ ርእሱ ብምቕልቃል ቀጺሉ እቲ ዝተረፈ ክፍሊ ኣካላቱ ከምዝወጽእ ይኸውን። እዚ ማስርሕ ምውጻእን ምእታውን ካብቲ ንምክልኻል ዝጥቀመሉ ሜላታት እዩ።

ዝበዝሑ ጋስትሮፖዱ ሞላ ብዝመስል ወይ ድማ ጥውይዋይ ቅርጺ ብዘለዎ ድርዒ ዝቖሙ እዮም። እዚ ድርዒ'ዚ ዝበዝሕ ግዜ ብየማናይ ወገኑ ክፉት ኣለዎ። ዝበዝሑ ዓሌታት ብየቕቕን ናይቲ ክፉት ብኩልስዮም ዝተሰርሐ ጸፍሪ ማሰል ሽፋን ኣለዎም። መናድቕ ኣካላት ናይ ዝበዝሑ ስላግ ብኣዝዩ ድሙቕ ሕብሪ ዝቖመ እዩ። እዚ ድሙቕ ሕብሪ ካብ ተጻባኢቲ ክመጽኦም ንዝኽእል መጥቃዕቲ፣ ንመርዚ ወይ ሕዝዚ ዘለዎም ዋህዮታት ዕንበባታት ባሕሪ፡ ሳዕሪ ባሕሪ፡ ስፖንጅ ብምምስሳል ይከላኸል።

"ረዱላ" ዝተባህለ ፍሉይ ህዋስ ጋስትሮፖዳ ንምሕቃቕ መግቢ የገልግል። እቶም ዝሓሱ "ለምፐትን" "ኣባሎንን" ዝበሃሉ ጋስትሮፖዳ ብላዕቲ ሳዕሪ ኮይኖም፡ እቲ ረዱላኦም ንሳዕሪ ባሕሪ ኣብ ከውሒ ብምፍሕፋሕ ኣዳቒቖም ንኽምግብዎ ይሕግዞም። ብዙሓት ዓሌታት ጋስትሮፖዳ ኣብ ጭቃ ወይ ሑጻ ብምቕባር ኣብ ኣካላቶም ዝርከብ መሽጣዕቲ ተጠቒሞም ማይ ብሩፍዎም ኣብሉ ናብ ወሽጢ ኣካላቶም ከምዝሓልፍ ይገብሩ። ማይ በቲ መሽጣዕቲ ኣብ ዝሓልፈሉ ግዜ ጣዕሚ ናይቲ ማይ ብምልላይ እቲ ክበልዕዎ ዝደለዩ ግዳይ ኣበናይ ርሕቀት ከምዘሎ ብምምዛን ብቐሊሉ ንኽጥቅዕዎ ይሕግዞም።

ዳርጋ ኩሎም ኣብ ባሕሪ ዝነብሩ ዓሌታት ጋስትሮፖዳ "ጂሉ" ብዝተባህለ ህዋስ ከስተንፍሱ ከለዉ፡ እቶም ኣብ ጥዑም ማይን ንቑጽ መሬትን ዝነብሩ ግን ብሳንቡኦም የስተንፍሱ። መብዛሕትኦም ጋስትሮፖዳ ኣብ ክንዲ ሄሞግሎቢን፡ ሆሞሳያኒን ዝበሃል ፕሮቲናዊ ጭኣታ ኣብ ደሞም ብምውሃድ የስተንፍሱ።

ስርዓት ምስዓድ ቀልቀል ጋስትሮፖዳ ብ"ኔፍሪድያ" ዝበሃል ህዋስ ይፍጸም። እዚ ህዋስ ካብ ኣካላት እቲ እንስሳ ርስሓት ብመልክዕ ኣሞንያ ወይ ሽንቲ ኮይኑ ከምዝወጽእ ይገብር። ብዘይካኡ ኔፈረድያ ሚዛን ማይ ኣካላት ኣብ ጥዑም ማይን መሬትን ንዝነብሩ ጋስትሮፖዳ ንምሕላው ይሕግዝ።

ጋስትሮፖዳ ናይ ምሽታት ህዋሳት፡ ኣዒንቲ፡ ስታቶስይትስ ከምኡ'ውን ቀመማዊ ወህደት ዘለልዩ ናይ ስምዒት ህዋሳት ይውንኑ። ናይ ምሽታት ህዋሳት ኣብ ጫፍቶም ኣርባዕተ ኣንቴና ማሰል ኣካላት ክህልዎም ከሎ፣ ናይ ማስምዒ ህዋሳት ግን የብሎምን። ብዘይካኡ ንመርኣዩ ዝጥቀምሉ ነኣሽቱ ኣዒንቲ ኣብ ጫፍ ወይ ጉንዲ ኣቕርንቶም ኣለዎም። ኣዒንቲ ጋስትሮፖዳ ካብ'ቲ ብዘይካ ንጸላምን ብርሃንን ምልላይ ሓለፎም ውዱእ ስእሊ ክፈጥር ዘይኽእል ደቀቕቲ ኣዒንቲ፣ ክሳብ'ቲ ኣዝዩ ዝተሓላለኸ ምዕቡል ኣዕንቲ ዘለዎም ኮይኖም ይፈላለዩ። ኣረንን ስላግን መግቦም ኣብ ግዜ ለይቲ ስለዝዞድሩ ናይ ምርኣይ ህዋሳት ወይ ኣዒንቲ ኣገዳስነት የብሉን።


ከም ምዕቡላት እንስሳታት፣ ጋስትሮፖድ ቅድሚ ጾታዊ ርክብ ምኽያዶም ንመጻምዶም ክስሕቡ ዝኽእሉ ተግባራት ናይ ምፍጻም ባህርያት ኣለዎም። ገለ ኣብ መሬት ዝነብሩ ኣረናታት ፍሉይ ስርዓት ምፍራይ ኣለዎም። እዞም እንስሳታት ቅድሚ ወሲብ ምኽያዶም ካብ ኣካላቶም ሓደ ኩናት ዝመስል ብካልስየም ካርቦኔት ዝስራሕ ፍላጻ "love darts" ናብቲ ጾታዊ ርክብ ክፍጽምሉ ዝመረጽዎ መጻምዲ ወርዊሮም ይድቕቱሉም። ኣብ'ዚ ግዜ ኑቲ ፍላጻ ዝቐበለ መፍረ ኣካላት መጻምዲ የለን።

ጋስትሮፖዳ ከም'ቲ ብዙሓም ኣመጋግባኦም ዝተፈላለየ እዩ። ገለ ካብኦቶም በላዕቲ ሳዕሪ ክኾኑ ከለዉ፡ ገለኦም ድማ ካብ ዝመሻመሸ ኣትክልትን እንስሳታትን ይምገቡ። እቶም ዝተረፉ ከኣ ካልኦት እንስሳታት ሃዲኖም ይምገቡ። ገለኦም ድማ መግቦም ካብ ጐሓፍ ማእረርም ይነብሩ። ገለኦም ከኣ ኣብ እንግድዓ ካልኦት እንስሳታት ከም ጽግዕተኛታት ኮይኖም ካብ ኣካላቶም እናተመገቡ ይነብሩ።


ብዓቢኡ ክንደይ ዓሌታት ከምዘለዉ ፍሉጥ እኳ እንተዘይኮነ፣ ቀይሕ ባሕሪ ኤርትራ ድማ በዞም ዝተጠቕሱ እንስሳታት ኣዝዩ ሃብታም እንተኾነ፡ ብዘይካ ኣብ ከም ዳህላክ ሆቴል ዝኣመሰሉ ዓበይቲ ሆቴላት፡ ጋስትሮፖድ ከም መግቢ ብዙሕ ዝውቱር ኣይኮነን። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ከኣ መብዛሕትኡ ህዝቢ'ዚ ከባቢ እኹል ሓበሬታን ንቕሓትን ዘይብሉ ብምዃኑን ካልእ ኣማራጺታት ናይ መግቢ ስለዘሎን'ዩ። ብመንጽሩ ካብ ገለ ምሩጻት ዓሌታት ጋስትሮፖድ ዝርከብ "ጸፍሪ" ወይ "ሕርካ" ዝበሃል ዓጽሚ ማሰል ጥረ ነገር ንምእራይ ተባሂሉ ዘይተኣደነ እንስሳታት ይልቀሙ። እዚ ጥረ ነገር ንማስርሒ ጨና ዘገልግል ኮይኑ ልዑል መጠን ሸርፊ ዘርከቦ ፍርያት'ዩ። ብዘወሳኺ ናይዞም እንስሳታት ድርዒ ንማስርሒ ሞልሖም የገልግል። ስለዚ፡ ነዚ ኣብ ግምት ብምእታው ኩሉ ኣካል ሕብረተሰብ ብፍላይ ኣብ ገምገም ባሕሪ ዝነብር ህዝቢ፡ ንምዕቃብኑ ናብ መጻኢ ወለዶ ከይበረሰ ከምዝተቐጽል ኣብ ምግባሩን እጃሙ ክበርክት ይግባእ።



ካብ ዓሌታት ጋስትሮፖዳ ዝኾነ ኣረን



ሕርካ ወይ ጸፍሪ ጋስትሮፖዳ




ንማስርሒ መልጎም ዝጠቅም ጋስትሮፖዳ



# ልቦናን ፍልስፍናን

ምሉእብርሃን ሃብተገብሪኤል

17 ክፋል

## ሓጉስን ሕጉሳትን

**“ሓጉስ ህይወትና ኣብ ዓይነት ኣመለኻኽታና እዩ ዝምርኮሰ።” - ኣሪስቶትል**

**“ኣነ ስለ ዝርጸአ ኣይፈርሕን እየ። ርድኢት እኮ ሓጉስ እዩ።” - ኣርተር ክላርክ**

ኣብ ህይወትና ዕምሪ እንተ ሂብና - ካብ ግዜ ዕሽልነት ናብ ግዜ ህጻንነት፡ ናብ ብጽሕና፡ ናብ ሽምግልና፡ ... ንዓቢ ኢና። ዝ. ለውጢ ኣብ ውልቃዊ ዕብየት ከም ባህርያዊ ንኡሽ ኢና እንቕበሎ። የግዳስ ሓደ ዝምድና ኸማን ዳይናሚክ ስርዓት ናብራ ኩይኑ፡ ንኸልተ ሰባት ዘጠቓልል ኣብ ናብራ ኣከቢ ዝጠምር እዩ። ከም ስርዓት ናብራ ኸኣ እቲ ዝምድና ደረጃታቱ ሓልዩ ክምዕብል ባህርያውን ቅኑዕን እዩ።

ዝ. ማስርሒ ብዙሓት እንተ ተረዲእናዮን ከለተስናዮን፡ ህይወትና ብሓጉስ እተመልአት ከም እትኾውን ዋላ ሓንቲ ዘጠራጥር የለን። እቲ እንምስርቶ ዝምድና ብልዑል ጥንቃቐ እንተ ዘይሓጸናዮ ግዱ ሕማቕ ሰንበራቱ ክሱብ መጠረሽታ ዕምርና እናሓቖፍና እዩ ዝቕጽል።

ኣብ ዝኾነ ዝምድና ዝተፈላለዩ ከርናዓት ቅርበት ኣለዉ. — ኣካላዊ፡ ስሚታውን ኣእምሮኣውን። ኣካላዊ ምትንኻፍ፡ ምክፋል ስምዒታት፡ ሓሳባት ከምኡ’ውን ምልውዋጥ ርኢይቶታት — ኩሎም ሕጋውያን መንገድታት ምስ እቶም እናፍቅርም ሰባት ዘራኽበና እየም።

እቲ ሚዛን ዝምድና ክሕይልን ክደክምን (wax and wane) ንቡር እዩ። እናሓንሶአ ኣካላዊ ቅርበት ይንክ፡ የግዳስ ስምዒታዊ ቅርበት ክወሰኽ ይኽእል። ኣብ ካልእ ግዜ ቃላት ምልውዋጥ ቅጭ ዘምጽኣልና ኣጋጣሚ ኣሎ፡ የግዳስ ሰቕ ኢልና ኣብቲ ዘለናዮ ክንጸንድ ንደሊ።

ኣብዚ ጉዳይ ስምዒታውያን እንተ ደኣ ኼንና፡ ኣብቲ ናይ ፊልማ ልዑል ተምሳጥ ናይቲ ዝምድና ኣመና ሕጉሳት ክንኸውን ንኽእል ኢና። ኣብ ከንዲ ስምዒት ጭንቀት ወይ ሕርቃን ስምዒት ርግኣት እንተ ፈጢሩልና፡ ንዝእ ርእስና ንሓድሽ ዓይነት ጥልቂ ርክብ (intimacy) ከርሕዋ ንኽእል ኢና። እዚ ዝያዳ ኣዕጋቢ ክኸውን ልዑል ተኽእሎ ዘለዎ እዩ፡ ኑቲ መጻምድና ከም መካይድትና ዝያዳ ክሐጉሶ ንኽእል። ቀጻልነት ዘለዎ ፍቕሪ ከስተማቕር ንኽእል፡ ዕምቈት ዘለዎ ምትእስሳር ክንፈጥር ንኽእል።

ደዝሞንድ ሞሪስ እተባህለ ቀለም ጸሓፊ ኣብታ “Intimate Behavior” ዘርእስታ መጽሓፉ፡ “ሰባት ኣብ መላእ ዕምርና ገለ ለውጥታት ነስተብህል ኢና። ኣፍሲ ወከፍና ብተደጋጋሚ ብሰለስተ ደረጃታት ኢና እንሓልፍ - ‘ኣጥቢ’ቕኩም ሓዙኒ’፡ ‘ግደፉ ኣይትሓዙኒ’ ከምኡ’ውን ‘በይነይ ክኸውን ርሓቑለይ’ ዝበሃሉ እዮም። እቲ ዑደት ምስ ተወለድና ኣብ ቀዳሞት ዓመታት ዕድሜና፡ ካብ ህጻናት መጠን ካብ ደረጃ፡ ‘ኣጥቢ’ቕኩም ሓዙኒ’ ናብ ‘ግደፉ ኣይትሓዙኒ’ ደረጃ ኢና እንሰጋገር። እቲ ምንታይሲ ኣብ ግዜ ህጻንነትና ኑቲ ኣብ ከበቢና ዝርከብ ዘሎ ዓለም እናንጻሓሸና ዳና፡ ታተ



እናበልና ክንደህሰሶ ልዑል ህንጡይነት እዩ ዝሀልወና። እወ ካብ ሕቝፊ ኣዴና ወሪድና ገለ ዘይጽግዞተኛነትን ርእሰ ምኽኣልን ከስተማቕር ፍኒሕኒሕ ንበል።” ኢሉ ጽሒፉ ኣሎ።

እዚ ክፋል ንቡር ዕብየትን ምዕባለን እዩ። እዞም ደረጃታት ናብ ሓደ ኣንፈት ጥራይ ኣይከዱን ዝጉዓዙ። የግዳስ ኣብ ዝተፈላለዩ ደረጃታት ሓደ ህጻን እቲ ስምዒት ምፍላይ ምሕር ዓቢ ክኸውን እንከሎ - ገለ ሻቕሎት ኪጋጥሞ ይኽእል እዩ። ካብኡ ወዮ ህጻን መታን ክረጋጋእን ክሕቈፍን ናብ ኣዲኡ ይምለስ።

ኣብ እዋን ብጽሕና (adolescence)፡ ‘በይነይ ክኸውን ርሓቑለይ’ እቲ ዓብላሊ ሓረግ እዩ ዝኸውን። እቲ ምንታይሲ፡ እቲ ህጻን ናቱ ውልቃዊ መንነት ክሕዝ ፋሕተርተር እዩ ዝብል። ዋላ እኳ እዚ ኑየም ወለዲ ኣጺጋምን ኣቐንዞውን ክኸውን ዝኽእል እንተኾኑ፡ መብዛሕትኦም ሊቃውንቲ ከም ዝብልዎ እንተ ኾይኑ፡ ንቡርን ኣድላዪን ደረጃ ኣብ ምስግጋር ካብ ግዜ ህጻንነት ክሳብ ብጽሕና እዩ።

ዋላ ኣብዚ ደረጃ እውን እንተኾኑ ገና ዝተሓዋወሱ ደረጃታት ኣለዉ። ወዮ በጽሒ ኣብ ገዛኡ ንወለዱ፡ ‘በይነይ ክኸውን ርሓቑለይ’ እናበለ ክውጭጩም እንከሎ፡ እቲ ‘ኣጥቢ’ቕኩም ሓዙኒ’ ዝበል ስምዒቱ ናብቶም ጉጅለ መዛኑኡ ብሓይሊ ይዝዙ።

ኣብ እቶም ማጽም ዝሰዓቡ ዝምስርትዎ ዝምድና ከማኑ ተመሳሳሊ ዋሕዚ (flux) እዩ ዝፍጠር። መጠን ጥልቂ-ርክብ ይልወጥ እዩ - ምስ ግዜያት እቶም ዓበይቲ ጥልቂ ርክባት፡ ግዜያት ዓበይቲ ርሕቀታት ይልወጡ እየም። እዚ እውን ንባዕሉ ክፋል ናይ እቲ ንቡር ዑደት ዕብየትን ምዕባለን እዩ። ከም ደቂ ሰብ መጠን ናብቲ ጥርዚ ብቑዓትና ንምብጻሕ፡ ኑቲ ኣብ ቅርበትን ሕብረትን ዘለና ሚዛን ክንሕልዎ ይግባእ። ምስ ግዜ ናብ ወሽጥና ክንምለስ ኣብ ዝግበኣና ግዜ፡ ምስ ስምዒት ርእሰኻ ምኽኣል፡ ከም ውልቀ ሰባት ክንዓብን ክንምዕብልን ክንክእል ኣለና።

ዝ. ክንርድኦ ምስ እንጅምር፡ ገዛእ ርእስና ኣብ ፊለማ ካብ መሻርኽትና ቊሩብ ፍንትት ኢላ ክትዓቢ ክንርኢዩ እንከለና፡ ኣይንፈርሕን ወይ ኣይንርዕድን ኢና። ዝ. እንተ ዘይተረዲእናዮ ግዱ ልክዕ ከም ሓያል ማዕበል ክርዕደና ይኽእል እዩ።

ግደ ሓቂ እናሓንሶአ ስምዒታዊ ርሑቕት ክየብ. እንተሎ፡ ኣብ መዳይ ዝምድና ቀሊል ዘይኮነ ምልክት ጸገም የመልክት እዩ። ንኣብነት፡ ክትዛረበሉ ዘጸድፍረካ ብውሽጥኻ ብሕርቃን ክትቃጸል ትኽእል ትኸውን። ክሳብ ምስ ገዛእ ርእሰኻ ምብታኽ ከማን ክበጽሓካ ይኽእል እዩ።

ኣብ ከም እዚኦም መዳያት፡ ሰ ልቦናዊ ምኽሪ እትረኽበሉ መንገዲ ሃሰው ምባል ኣገዳሲ ኣገዳሲ እዩ። የግዳስ እቲ ቀንዲ ነጥቢ ኣብ ኣእምሮኻ ክትሕዞ ዘለካ፡ ንውሓት ምርሕሓቕ ንእለቱ ሓደጋ ከም ዘየውርድ እዩ። እዚ ኣካል ዑደት እቲ ዝምድና ኩይኑ፡ ሓድሽ ቅርጺ ንኽሕዝ ካልእ መገለጺ ዝሁብ ክኸውን ይኽእል እዩ። ኑቲ ዝበረ ዝምድና ዝያዳ ዘትርር ወይ ብመንጽሩ ምሕር ዘፍኽስ ክኸውን ይኽእል እዩ።

ምእንቲ’ዚ፡ እቲ ተግባር ምቕባል፡ እወ እቲ ለውጢ ባህርያዊ ክፋል ኣብ እቲ ምስ ካልኦት እንገብሮ ምትእስሳር ምኳኑ ምቕባል፡ ኣብቲ እንፈጥሮ ዝምድና እምብዛ ወሳኒ እዩ። ገለ ለውጢ ኣብ ዝምድና ክኸሰት እንከሎ፡ ገለ ዝኸሰርና ኩይኑ ይስምዓና እኳ እንተ ኾነ ናብ ዝያዳ ምትእስሳር ክምርሓና ከም ዝኽእል ግዳ ኩሉ ክንሰሕቶ ኣይግባእን እዩ።

እዞም ናይ መሰጋገሪ እዋናት፡ እቲ ናይ ብሓቂ ፍቕሪ ክበስልን ክዕንብብን እንከሎ ኣዘዮም ወሰንትን ጠቐምትን ክኾኑ ይኽእሉ እየም። ዝምድናና ኣብ ውዕወዕ ተምሳጥ ጥራይ ተሰሪሑ ዘይቕጽለሉ ደረጃ ዝበጽሐ ምኻኑ ክንስሕቶ የብልናን። ኑቲ መዛምድና ኣብ ፊለማ ከም ሓደ ፍጹም ሰብ ገይርና ነፍቅሮ ንኸውን። ብዙግቦር ብሓንሳብ ህይወት ክንመርሕ ምስ ጀመርና ግዱ ከም ኩሉ ሰብ ፍጹም ከም ዘይኮነ ደብርሃልና እዩ። ክልቲና ምሉእ ብምሉእ እተጣበቕና ፍጥረት ከም ዘይኮንና ኸማን ክንጸረልና ይጅምር።

የግዳስ ከም ምልውዋጥ ናቱ፡ ኑቲ መጻምድና ናይ ብሓቂ ኣብ እንፈልጠሉ ደረጃ ንበጽሕ። ኑቲ ሰብ ከምታ ዘለዋ ገይርካ ክትጋዝኣን ክትሓኣሰካን ክትመዝኖ ትኽእል። ካጥካ እተፈልየ ሰብ ምኳኑ ትቕበሎ። ከም ዝኾነ ሰብ ገለ ጌጋታትን ጉድለታትን ከም ዝፍጽም ትርድኦ።

ዝ. ክውንነት ብዙሓት ምስ እንግንዘቦ፡ ምስጢር ሓጉስ በርሂሉ ኢሉ ይረኣየና። ዝ. ሰኣን ምፍላጥ እኮ እዩ መብዛሕትኡ ሰብ፡ ካብቲ ከስተማቕሮ ዝጀመረ ሓጉስ ብተደጋጋሚ ዝኸሰረ።

ሓደ እዋን ናይ ሓደ ዓቢ ግሪኻዊ ፈላስፋ፡ ተመሃራይ ነይሩ። ወዮ ተመሃራይ በቲ መምህሩ ከበድ ክበሃል ዝከኣል ትእዛዝ ተዋሂብዎ። እወ ንሰለስተ ዓመታት ንፍሲ ወከፍ ዝጸረፎ ሰብ ገንዘብ ንኽህብ እዩ ተብዪንዎ። እቲ ተመሃራይ ኑቲ ዝተኣዘዞ ብጥበት ተዋጺኡ ኣብ መፈጸምታኡ ኣብጺሕዎ።

ብድሕሪ’ዚ እቲ መምህር ኑቲ ተመሃራዩ ጸዊዑ፡ “ሕጂ ናብ ኣቴንስ ከይድካ ልቦና ክትመሃር ትኽእል ኢኻ።” ኢሉ መንከብቡ ጠበጠቡ ኣፋንዩዎ። ኣብ ዝተረፈ ዕምሩ ሰሰናዩ ተመጸለ።

ወዮ ተመሃራይ ናብ ኣቴንስ እናኣተወ እንከሎ፡ ሓደ ለቦም ሰብኣይ ኣብ ኣፍ ደገ እታ ከተማ ረኺብዎ። ወዮ ሰብኣይ ንዝኾነ ናብታ ከተማ ዝኣቱን ዝወጽእን ዝበረ ሰብ ጨርቂ ከም ዘየውጽእ ገይሩ ይጸርፍ ነይሩ። እቲ ተመሃራይ ከማን ካብ ጸርፊ እቲ ለቦም ሰብኣይ ኣየምለጠን። እቲ ተመሃራይ ምስ ተጸርፈ ብሰሓቕ ክርትም ኢሉ ስሒቑ።

“ስለምንታይ እናጸረፍኩኻ እንክለኹ ትስሕቕ ኣለኻ?” ኢሉ ተገሪሙ ሓቲትዎ።

“እቲ ምንታይሲ” ኢሉ መለሰሉ ወዮ ተመሃራይ። “ኣብ ዝሓለፉ ሰለስተ ዓመታት ንፍሲ ወከፍ ዝጸረፈኒ ሰብ ገንዘበይ ጫሕ ኣቢለ እኸፍል ነይረ። ንስኻ ግዱ ብጥርሑ እኮ ኢኻ ትጸርፈኒ ዘለኻ።”

“በል ናብ እዛ ብልጽቲ ከተማ እቶ።” ኢልዎ እቲ ለቦም ሰብኣይ። “እንቋዕ ናብዛ ከተማ ብሰላም መጻእካ፡ እዛ ከተማ ናትካ እያ። ...”

እቶም ቀዳሞት ናይ መበል ራብዓይ ዘመን ፈላስፋታት ዝ. ዛንታ ሰቕ ኢሎም ኣይኮኑን ዝምህርሉ ነይሮም። ንዋጋ ስቅያትን ጻዕርን ብዙሓት ንኸገንዝቡ ድላይ ስለ ዝበርም እየም።

የግዳስ ጻዕሪ ንበይኑ ኣይኮነን ንወዮ ተመሃራይ፡ “ከተማ ልቦና” (city of wisdom) ከም እትኽፈተሉ ዝገበረ። እቲ ቀዳማይ ረቛሒ ንዕኡ ኣብ ጽንኩር እዋን ኣድማዒ ዝገበሮ፡ ንኣመለኻኽታኡ ክልውጥ ዓቕሚ ስለ ዘጥረየ እዩ። እወ ንሽግራቱ ካብ ዝተፈለየ ከርናዕ ኣጸዲሩ ክምልከቶ ክኢሉ። ክእለት ኣመለኻኽታና ምልዋጥ፡ ኑየም ኣብ ዕለታዊ ህይወትና ዘጋጥሙና ጸገማት እንብድሃሉ ዝሓየለን ኣድማዕን መሳርሒ እዩ።

ከምቲ ዳላይ ላማ ዝበሎ፡ “ንፍጻመታት ካብ ዝተፈላለዩ ከርናዓት ናይ ምምልካት ብቕዓት እምብዛ ሓጋዚ ክኸውን ይኽእል እዩ። ዝ. ርድኢት ኣብ ባይታ ኣብ ምትግባር፡ ንገለ ተመክሮታት ክንጥቀም ንኽእል ኢና። እዚ ተመክሮ፡ ምርግጋእ ኣእምሮ ኣብ ምምዕባል ይጠቕመና። ነፍሲ ወከፍ ክስተት፡ ነፍሲ ወከፍ ፍጻመ፡ ዝተፈላለዩ መዳያት ወይ ሸነኻት ከም ዘለዎ ክንምገዝዘብ ኣይእግመናን እዩ። ነፍሲ ወከፍ ፍጻመ፡ ተዛማዲ ባህሪ እዩ ዘለዎ።

“ጸገማት ኪጋጥሙና እንከለዉ፡ መብዛሕትኡ ግዜ ኣመለኻኽታና ይጸብብ እዩ። ኩሉ ኣድህቦና ብዛዕባ ምጭናቕ እቲ ጸገም እንገብሮ ሰባት ወሒዶም ኣይኮንናን። ከምኡ ዓይነት ሸግር ንዓና ጥራይ ደቢላ ዝወደቐና ኩይኑ እውን ክስምዓና ይኽእል ይኸውን። እዚ ናብ ገዛእ ርእሰ-ሓልየት ምጥሓል (self-absorption) ገጹ ከምርሓና ይኽእል። ኣብ ርእሲ እዚ፡ ኑቲ ጸገም ምሕር ከዕምቖ ይኽእል።

“ከምዚ ዓይነት ስምዒት ክፍጠር እንከሎ፡ ንበሪታ ኣሰፊሒካ ምምልካት ኣመና ሓጋዚ ኩይኑ ይስመዓኒ። ንኣብነት፡ ካልኦት ብርክት ዝበሉ ሰባት በቲ ንስኻ እትሓልፎ ዘለኻ ተመክሮ ከም ዝሰገሩ ዘይምዝንጋዕ፡ ካብ ናትካ ሕማቕ ተመክሮ ብዝበኣሰ ዝሓለፉ ሰባት ከም ዘለዉ ምስትውዓል ከማን ኣድላዪ እዩ።

“ከምዚ ዓይነት ተግባር ምልዋጥ ኣመለኻኽቲ፡ ዋላ ኣብ ገለ እዋን ሕማምን ቃንዛን ከይተረፈ ሓጋዚ ክኸውን ይኽእል እዩ። ቃንዛ ኣብ ዝበርትዓካ እዋን፡ ብርግጽ መብዛሕትኡ ግዜ ኣብቲ ህሞት ንቡር ኣስተንትኖ ብምግባር ንኣእምሮኻ ከተህድእ ምሕር ኣጸጋሚ ክኸውን ይኽእል እዩ። የግዳስ ከተማጻጽር እንተ ደኣ ኽኢልካ፡ ንኸናታትካ ካብ እተፈልየ ከርናዕ ክትምልከቶ እንተ ተብዕ፡ ከም ገለ ኢሉ ገለ ነገር ክኽሰት ተኽእሎ ኣሎ። ኣብታ ንጽል ፍጻመ ጥራይ እንተ ደኣ ተመልኪትካ ቀጻሊ እቲ ጸገምካ ዝዓቢ ዘሎ ኩይኑ ክርኣየካ ይኽእል እዩ። ወዮ ጸገም ክኸሰት እንከሎ ምሕር ቀሪቡካ እንተ ደኣ ኣደሂብካሉ፡ ምሕር ብዕምቈት ክትርእዮ እንተ ደኣ ፈቲንካ፡ ፈጺምካ ክትቈጻጸር ዘይትእኽል ኩይኑ ክረኣየካ ይኽእል እዩ። የግዳስ ኑቲ ክስተት ምስ ካልእ ዝዓበየ ፍጻመ እንተ ኣነጻጺርካዮ፡ ኑቲ ጸገም ካብ ርሑቕ ክትርእዮ እንተ ፈቲንካ፡ ንእሽቶን ምሕር ዘየጨንቕን ኩይኑ ክስመዓካ ይኽእል እዩ።”

**“ከምቲ ጸቡቕ ዘሕለፍናዮ መዓልቲ ዘሐጉስ ድቃስ ዘምጽኣልና፡ ጸቡቕ ዘሕለፍናዮ ዕምሪ ድማ ዘሐጉስ ሞት የምጽኣልና።” - ሊዮናርዶ ዳ ቪንቺ**

**“ኣብ ዓለምና ሓጉስ ጥራይ እንተ ዝህሉ፡ ተባዓትን ዕጉሳትን ክንኸውን ከቶ ኣይምኸኣልናን ነይርና።” - ሄለን ከለር**

ይቕጽል

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ተክ ኢንሳይት |
| 13:30 | ዜና ዓረብ |
| 13:45 | ሸዐብት |
| 14:25 | ህርመት |
| 16:15 | ፊያርና |
| 17:00 | ዜና ትግርኛ |
| 17:15 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና ዓረብ |
| 17:45 | ማእገር |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:15 | መልሲ ኣብ መስመር |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | መኣዝን ልምዓት |
| 22:00 | ዜና ዓረብ |
| 22:15 | ደርፊ |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |
| 22:40 | ተኸታታሊት ፊልም- መስተንክር |

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ቤት ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣብሽኣላ ሰረቐ ከሊብ ምባል ተሪፉ፣ ኣብሽኣላ ሰረቐ ወልደጉበርኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ፣ ስም ኣደይ ድማ ሉተገየርገስ ኪዳነ መድሃኔ ምባል ተሪፉ፣ ሉተገየርገስ ኪዳነ ብርሃ ተባሂሉ ይተኣረመላ ስለዝበለት፣ ዝቓወም እንተሎ፡ ን14/11/23 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋብኢያ ቁ.41 ይቕረብ፡፡

ዞማም ሉቓስ ጉብረእግዚኣብሄር ምባል ተሪፉ፣ የውሃና ሉቓስ ጉብረእግዚኣብሄር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቓወም እንተሎ፡ ን7/11/23 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋብኢያ ቁ.35 ይቕረብ፡፡

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ ደቀምሓረ

ት/ዕድመ ናዲኤል ሳሚኤል፡ ብወለዱ ኣቶ ሳሚኤል ሃይለን ወ/ሮ ራሄል ሃብተን ኣብሉ፡ ስመይ ናዲኤል ሳሚኤል ሃይለ ምባል ተሪፉ፣ የውሃንስ ሳሚኤል ሃይለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቓወም እንተሎ፡ ን31/10/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ደብረማርያም

ግደይ ሃይለ ተወልደ፡ በዓልቤተይ ፍቓዱ ነጋሽ ኣሹብር ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቂና ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሉም ስለዝበለት፣ ዝቓወም እንተሎ፡ ን30/10/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ሽዕብ ሰውራ ዓዲ ዑመር ተሰነይ

ወ/ሮ ሮማ ግደ ጉብረስላሴ፡ በዓል-ቤተይ በረኸትኣብ ተኽለ ጉብረትንሳኤ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቂና ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሉም ስለዝበለት፣ ዝቓወም እንተሎ፡ ን10/11/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ወ/ሮ ኤደን ከድር ኢብራሂም፡ ሓወይ ሄኖክ ሃብትኣብ መሓሪ ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ምስ 1ወዱ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረትን ሃብትን ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቓወም እንተሎ፡ ን12/11/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

---

ኣነ ወ/ሮ ኣለም ወልደጉበርኤል ጉብረእግዚኣብሄር ዝተበሃልኩ፡ ኣብ ከተማ ኣስመራ ምም/ን/ዞባ ጎዞ ባንዱ፡ ጎደና ሸዋ፡ ቁ/ገዛ 12፡ ቁሎታ 1፡ ፓርሰል E ስፍሓት መሬት 200 ት/ሜ ቀንዲ ክፍልታት1 ሓገዝቲ ክፍልታት 2 ዝሓዘ ቁምስክር ወረቐት 101846፡ መወከሲ ቁጽሪ 121234 ብስም ኣፍ/ራት ሉተየሰሰ ዘርአ ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ናይ'ዚ ዝተጠቕሰ ገዛ ኦርጂናል ምስክር ምዝገባ ዋንነት ስለዝጠፍኣኒ፡ ብዕዳ ሒዙዎ ወይ ረኺቡዎ ዝብል ሰብ እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ብቑጽሪ ቴሌፎን 07378999 ክሕብረኒ፣ እንተዘየሎ ከኣ መተካእታ ኦርጂናል ክሓትት ምኻነይ እሕብር፡፡

ወ/ሮ ኣለም ወልደጉበርኤል ጉብረእግዚኣብሄር

---

ኣነ ወ/ሮ ቴሪዛ ስቴላ ኣንጀሎ +2 ዝተበሃልኩ፡ ካብ በዓል ቤተይ ኣፍ/ር ኣሰሄል ነማርያም ባህታ ብውርሲ ዝረኸብክዎ ኣብ ኣስመራ ምም/ን/ዞባ ቲራቨሎ ፕሎት 112 ቁጽሪ ፓርሰል/ዞን ASP00026218 ፓርሰል Part of B ጎደና 701 ቁ/ገዛ 5/7 ዝርከብ ቁ/መለለዪ ቁጽሪ ንብረት 49245/80509 ዝተመዝገበ ገዛ ናብ ስመይ ከመሓልልፎ ስለዝደለኹ፣ ዝቓወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ሒዙ ናብ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ ተቓውሞ ምስ ዘይህሉ ግና ኦርጂናል ሰነዳትና ሒዝና ጉዳይና ክንፍጽም ምኻንና ንሕብር፡፡

ቴሪዛ ስቴላ ኣንጀሎ

---

ኣነ ወ/ሮ ምሕረት ጉብረየሱስ ሰለባ ዝተበሃልኩ፡ ኣብ ኣስመራ ምም/ን/ዞባ ሰምበል፡ ፓርቸላ "N" ቁጽሪ ሎታ "26" ዝርከብ ኣብ 100 ት/ሜ ዝተደኮነ ብስም መዋቲት ወላዲተይ ነ/ሄሪት ሮማ ጉብረመድህን ዘርኣይ ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት፡ 1222944 መወከሲ ቁጽሪ ድማ 113734 ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ተመዝጊቡ ዝርከብ ብውርሻ ካብ ኣደይ ዝረኸብኩዎ ገዛይ፣ ስም ዋንነት ናብ ስመይ ከሰግሮ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቓወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታርን ቤ/ጽ ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ ተቓዋሚ እንተዘይቀረቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ከፈጽም ምኻነይ እሕብር፡፡

ምሕረት ጉብረየሱስ ሰለባ

---

## ምስጋና



ብሃንደበታዊ ማስዋእቲ እንፈትዎን እነፍቅሮን ኣቦናን ሓውናን ጎዳም ተጋዳላይ ሃብተገርግሽ ተስፋማርያም ሃይለ (ጠዋል) ኣብ'ዛ ሓጻር ዝሓመመላ ግዜ ኣብ ሆስፒታል ኦሮታ ዝረኣኹምን ዝበጻሕኩምን ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ዘቃበርኩምናን ተመላሊስኩም ዘጸናናዕኩምናን ኩሉኹም መሳርሕቱን ቤተሰቡን ፈተውቱን ጎረባብቱን ካብ ወጻኢን ውሽጢ ሃገርን ብስልኪ ዘጸናናዕኩምና፡ ኣብ ስነስርዓት ቀብሩ ዘማዕረግኩምና ካህናት የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከም ዝተዛዘሙ ንገልጽ፡፡

ደቁን ኣሕዋቱን ኩሎም ስድራቤቱን

## ምስጋና



ብዕረፍቲ ኣዚና ኣፍቕራ ኣዴና ኣብርሀት ኣለም ወልደስላሴ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ 4 ኣስመራ ዘቃበርኩምናን ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ወሻጥን ወጻእን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከም ዝተዛዘመ ንገልጽ፡፡

ወላዲታ ወ/ሮ ሰምበቱ ባይሩ፣ በዓል ቤታ ነ/ፍ መሓሪ ማስፍን ምስ ምሉኣት ስድራ ቤት፡፡

## ሓራጅ

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/መሰል ወ/ሮ ሉተየሰሰ ጉብረገርግሽን ብፍ/በ/ዕዳ ኣቶ ተስፋይ ሰዩምን ዘሎ ብጉዳይ ሓዳር ዝተፈጥረ ክርክር፡ ናይ ሓባር ንብረቶምም ዝኾነት ማኪና ፒክኣብ ER-19731 ብሓራጅ ተሸይጣ ብጽሒቶም ክማቐሉ ቤ/ፍ ስለዝኣዘዘ፡ እዛ ዝተጠቕሰት ማኪና፡ ብክኢላ ማበከሲ ዋጋ 240,00.00 ናቕፋ (ክልተ ሚእትን ኣርባዕን ሽሕ ናቕፋ) ስለዝተገመተት፡ ኣብዚ ዝገበር ሓራጅ ክሳተፍ ዝደሊ፡ ብስም ፈ/ፍርዲ c.p.o ካብ ዝቐረበ ግምት 1/4 ኣሰሪሑ ወይ ተጠራቓሚ ሕሳብ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ሒዙ ብምቕራብ ክወዳደር ይኽእል፡፡ ተወዳዳሪ ቅድሚ ዕለት ጨረታ 5ተ ናይ ስራሕ መዓልታት ኣብ ዘሎ ግዜ ክበጽሖ ዝደሊ መጠን ገዝኡብ ብፈደል ብኣሃዝን ኣብ ፖስታ ዓሺጉ ኣብ ቤ/ጽ/ፈ/ፍርዲ ቁ/62 ሳንዱቕ ጨረታ የእቱ፡፡

ዕለት ጨረታ፡- 20/11/2023
ሰዓት ሓራጅ፡- 3:00-4:00 ድ/ቀ
ተወሳኺ ሓበሬታ ዝደሊ ኣብ ቁ/65 ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ብምቕራብ ክውከስ ይክኣል፡፡ መኣገዲ ካብ ዝምልከቶ ቤ/ፍ ምስ ዘይቀርብ፡ ሓራጅ ኣየቋርጽን፡፡
ቤ/ጽ/ዋ/ፈ/ፍርዲ

## ንኻልኣይ ግዜ ዝወጽአ ምልክታ ጨረታ

ቀረብ መግቢ ኣሕምልትን ስጋን ገፍሮ በርበረን ንኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ ስዑኪነት ማይ-ሓባር
ኣርእስቲ ውዕል፡- ውዕል ዓመታዊ ቀረብ መግቢ
ኣገባብ ውዕል፡- ክፉት ጨረታ (ሃገራዊ)
ኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ ስዑኪነት ማይ-ሓባር ንዓመት ትምህርቲ 2024 ዝውዕል ቀረብ መግቢ ከማሪት ስለዝደለየ፣ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ይዕድም፡፡

1. ኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ ስዑኪነት ማይ-ሓባር ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ቀረብ መግቢ (ኣሕምልትን ስጋን ገፍሮ በርበረን) ብዕሹግ ደብዳበ ክቕርቡ ይዕድም፡፡
2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ፡፡
3. ተሳታፍቲ፡ ቅዳሕ ናይ ዓመት 2019 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን ናይ ዓመት 2022 ክሊራንስን መንነትን የቕርቡ፡፡
4. ተሳታፍቲ፡ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ካብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ትምህርቲ ቁ.20 ጨንፈር ሓፈሻዊ ኣገልግሎትን ዕደግን ኣስመራ ቁጽሪ ቴሌ.200593/123749 መሳትፊ ሰነድን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ፡፡
5. ብቑዓት ተሳታፍቲ፡ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ 50.00 ናቕፋ ይኸፍሉ፡፡
6. ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ዕለት 25/10/2023 ሰዓት 10:00 ቅ.ቀ ክበጽሕ ኣለዎ፡፡ ደንጉዩ ዝቐረበ ጨረታ ክንጸግ እዩ፡፡ ተሳታፍቲ፡ ሕጋውያን ወከልትን ክሳተፉ ዝደሊ ሰብን ስነስርዓት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጽኡ ሰባትን ኣብ ዝተረኽቡሉ ኣብ ኣዳራሽ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ትምህርቲ ኣስመራ፡ ዕለት 25/10/2023 ልክዕ ሰዓት 10:00 ቅ.ቀ ብግልጺ ይኽፈት፡፡
7. መኽበሪ ጨረታ (Bid security) (c.p.o) 50,000.00 ናቕፋ ክኸውን ኣለዎ፡፡
8. ጨረታ፡ መምርሒ ዕደግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዝእዝዞ መሰረት ይካየድ፡፡
9. ሚኒስትሪ ትምህርቲ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ጨረታ ንምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ሚኒስትሪ ትምህርቲ
ጨ/ሓ/ኣ/ዕደግን
ቤ/ት /ስዑኪነት ማይ-ሓባር
ቴሌ.200593/123749


# ቀንዴል

## 1.ትምህርቲ መካኒክ

ብክልሰ ሓሳባትን ብግብርን ብምኩራት መምሃራን ብኢንጅነራት ዝተመረቑ

## 2.ኮምፒተር
## 3. ኣካውንቲንግ ምስ ፒችትሪ
## 4. ግራፊክስ

ብርትዓዊ ዋጋ እናዳልዩ ከም ዘሎ ንወለድን ንተማሃሮን ይሕብር።

ኣድራሻና:- ጎኒ ሲነማ ሮማ ፊት ቶታል

ቁ.ስ 121571/ 07207798/ 07325197

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ውድድር ሓይልታት ምክልኻል . . .
## ብድሆን ዓምበርበብን፡ ኣብ ኵዕሶ እግሪ ደቂ-ተባዕትዮ ናብ ፍጻመ ሓሊፈን

ስፖርታዊ ውድድር ሓይልታት ምክልኻል፡ ብቐደሚ ትማሊ ብኵዕሶ እግሪ ደቂ-ተባዕትዮ ኣብ ዝቐጸለሉ፡ ብድሆን ዓምበርበብን ናብ ፍጻመ ዘሕለፈን ወጽኢት ኣመዝጊበን።

ኣብ'ዛ ናይ ካልኣይ እግሪ ናይ ፍርቂ ፍጻመ ጸወታ፡ ፈለማ ብድሆን መኸተን እየን ተጻዊተን። ኣብ ቀዳማይ እግሪ፡ መኸተ እያ 1ብ0 ተዓዊታ ነይራ። ኣብ'ዛ ጸወታ ግን፡ ብድሆ፡ ቀዲማ ኣብ መበል 11 ደቒቕ ብመገዲ ሃብቶም ክብርኣብ ሸቶ ኣመዝገባ። እዛ ጋንታ፡ ኣብ ኣጋ ዕረፍቲ ካልኣይቲ ሸቶ ብምውሳኻ ከኣ 2ብ0 መሪሓ ወጺኣ።

ኣብ ካልኣይ እብረ፡ መኸተ፡ ወጽኢት ንምጽባብ ብዘዘበረቶ ፈተነ፡ ኣብ መበል 71 ደቒቕ ሰሊጡዋ ካብ ሰም ተኪኤ ሸቶ ረኺባ። ግዜ ብምእካሉ ከኣ፡ ብድሆ 2ብ1 ተዓዊታ። ይኹን'ምበር፡ ኣብ ቀዳማይ እብረ፡ መኸተ 1ብ0 ተዓዊታ ብምንባራ፡ ወጽኢት ክልተ እግሪ 2ብ2 ኮይኑ። ንምፍልላይ ናብ ፍጹም ቅላዕ ኣብ ዘምርሓሉ ከኣ፡ ብድሆ 5ብ2 ተዓዊታ፡ ናብ ፍጻመ ሰጊራ። ሓላዊ ልዳት ክብሮም ሰሎሙን ድማ፡ ብሉጽ ተጻዋታይ ናይ'ዛ ግጥም ተጻዊዑ።

ጸወታ ዓምበርበብ ኣንጻር ሳዋ ድሕሪ ዝተኻየደት ነይሩ። እዘን ኣብ ቀዳማይ እግሪ ማዕረ ተፈላልየን ዝነበራ ጋንታታት፡ ኣብ'ዛ ናይ ካልኣይቲ እግሪ ጸወታ፡ ማዕረ ተኻእሎ ናይ ምሕላፍ ሓዘን እየን ኣትየን። ኣብ ቀዳማይ 45 ደቒቕ ሸቶ ዘይተራእየ እዛ ጸወታ፡ ድሕሪ ዕረፍቲ፡ ኣብ መበል 77 ደቒቕ ተጻዋታይ ዓምበርበብ መርሃዊ ቅዱስ ሸቶ ብምቑጻሩ ንጋንታኡ መሪሕነት ኣትሒዙ። እንተኾነ፡ ጸወታ ክዛዘም ውሱናት ደቓይቕ ምስ ተረፎ፡ ሳዋ፡ ሸቶ ረኺባ፡ 1ብ1 ከኣ ወጺኣ። ናብ ፍጹም ቅላዕ ኣብ ዘምርሓሉ ግን፡ ቀዲማ መሪሕነት ሒዛ ዝነበረት ዓምበርበብ እያ 5ብ4 ተዓዊታ። በዚ ወጽኢት፡ ዓምበርበብን ብድሆን ዝመጽእ ቀዳም ኣብ ፍጻመ ጸወታ ክራኸባ እየን።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ'ዛ ዕለት ናይ ደረጃ ጸወታ ኵዕሶ መርበብ'ውን ተኻይዱ ነይሩ። በዚ መሰረት፡ ብደቂ ኣንስትዮ ዓምበርበብ ንሳዋ 2ብ1 ክትሰዕራ እንከላ፡ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ'ውን ንሰንጋቕ 3ብ0 ኣሰኒፋታ። በዚ ኸኣ፡ ዓምበርበብ፡ ኣብ'ዚ ዓውዲ ኣብ ክልተኡ ጾታ ሳልሳይ ደረጃ ሒዛ ዛዚማ ኣላ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ጋንታ ጉዳይም ተጻወትቲ ኵዕሶ እግሪ 'ሓደ ባህሪ'፡ ኣንጻር ኣሰልጠንቲ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ናይ ምሕዝነት ጸወታ ኣብ ከረን ኣካይዱ። ብኣብርሃለይ ኣስመላሽ (ላፋ) ዝተኣልየት ሓደ ባህሪ፡ ንኸም ኣለምሰገድ ኤፍሬም፡ ኤርሚያስ ተወልደ (ቲሉ)፡ ሰመረ በየነ (ወዲ ሱዳን)፡ ሄኖክ ገ/መድህን፡ ሰሎሙን ዑቕባብርኤልን ካልኦትን ሒዛ ነይራ። ሓደ ባህሪ፡ ኣብ ሻውዐይቲ ደቒቕ ካብ ክብሮም መዃ ብዘረኸበታ ሸቶ፡ ንዕረፍቲ 1ብ0 መሪሓ ወጺኣ።

ኣብ ካልኣይ እብረ፡ ዝተመዝገበ ሸቶ ብዘይምንባሩ ከኣ 1ብ0 ተዓዊታ። ተጻዋታይ ሓደ ባህሪ ሰመረ በየነ (ወዲ ሱዳን) ድማ፡ ብሉጽ ተጻዋታይ ናይ'ዛ ግጥም ተባሂሉ። ድሕሪ'ዛ ጸወታ፡ ኣሰልጣኒ ሓደ ባህሪ ኣብርሃለይ ኣስመላሽ ከምኡ'ውን ኣለምሰገድ ኤፍሬም ኣብ ዝሃብዎ ቃል፡ በቲ ዘካየድዎ ጸወታ ሕጉሳት ምዃኖም ብምግላጽ፡ ከምዚ ዓይነት መደብ ክቕጽል ተላብዮም። ብኸምኡ ሓበሬታን ሚኒስትሪ ምክልኻል ንዝተገብረሎም ኣቀባብላ ከኣ፡ ብስም ጉዳይም ተጻወትቲ ምስጋናኦም ገሊጾም። እዚ ጸወታ፡ ትሰፍውቲ ፈደራል ዳኛ ለድያ ጸጋዬ ከምዝመረሓቶ፡ ካብ'ቲ ቦታ ዝበጽሓና ዜና ኣረጋጊኡ።



## መምዘኒ ብቕዓት ጸወታ ኵዕሶ መርበብ ይቕጽል

መምዘኒ ብቕዓት ጸወታ ኵዕሶ መርበብ ሳልሳይ ዲቪዥዮን ዞባ ማእከል፡ ብቐዳም ኣብ ሜዳ ቦቾፊሊያ ቀጺሉ።

ፈለማ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ጋንታታት ደምበ ሰምበልን ኣዱሊስን እየን ተጋጢመን። ኣብ ቀዳመይቲ ሴት ደምበ ሰምበል 25ብ23 ክዕወታ እንከለዋ፡ ኣዱሊስ ግን፡ ንዝሰዓብ ክልተ ሴት ኣኪታቲላ 25ብ16 ከምኡ'ውን 15ብ13 ስለዝተዓወተትለን፡ 2ብ1 ሰዒራ።

ጸወታ ደቂ-ተባዕትዮ ጋንታታት ደምበ ሰምበል ኣንጻር ባህሪ ከኣ ሰዒቡ ተኻዪዱ። ደምበ ሰምበል፡ ንኽልተ ሴት ኣኪታቲላ 25ብ15፡ 25ብ14 ክትዕወተለን ብምኽኣሉ፡ 2ብ0 ሰዒራ። ሳልሰይቲ ጸወታ ድማ ጋንታታት ደቂ-ተባዕትዮ ባሕቲ ማስከረምን ሪምን ዘካየዳኦ ነይሩ። ኣብ ፈላመይቲ ሴት ሪም 25ብ23 ክትስዕራ እንከላ፡ ኣብ ካልኣይቲ ሴት ባሕቲ ማስከረም 25ብ21 ተዓዊታትላ፡ 1ብ1 ብምዃነን ድማ፡ ናብ ሳልሰይትን መፈላለይትን ሴት ኣምሪሐ። ባሕቲ ማስከረም ከኣ 15ብ9 ብምዕዋት ንጸወታ 2ብ1 ዛዚማቶ። እዚ ውድድር፡ ዝመጽእ ቀዳም ብኣርባዕተ ጸወታታት ቀጺሉ ክውዕል ምዃኑ'ውን ተፈሊጡ።



## ኣሰልጣኒ ብራዚል ንነይማር ይውድስ

ኣሰልጣኒ ሃገራዊት ጋንታ ብራዚል ፈርናንዶ ዲኒዝ፡ ንኣጥቃዓይ ነይማር ጁንየር፡ ሓደ ካብቶም ኣብ ታሪኽ ዝተራእዩ ዝበለጹ ተጻወትቲ ኵዕሶ እግሪ ክብል ጠቒስዎ።

ነይማር፡ ዝሓለፈ ሓሙስ ሃገሩ ምስ ቨነዝዌላ 1ብ1 ኣብ ዝተፈላለየትሉ ጸወታ፡ ዋላ'ኳ ንእኡ ሸቶ ባዕሉ እንተዘይሃንደሰ፡ ብዘርኣዮ ምንቅስቓስ ግና ግዳይ ነቐፌታ ኮይኑ እዩ። ካብ ሓደ ደጋፊ ብዝተሰንደወሉ ዘይሃሲ ነገር'ውን ከምዝተሃረመ ይግለጽ።

ይኹን'ምበር፡ ዲኒዝ "ነይማር፡ ብዙሕ ሸውሃት ጸወታን ድሌትን ዘለዎ ኣሰልጣኒ ኣብ ልዕሊኡ ተስፋ ኣይቁርጽን እዩ። ኣንጻር ቨነዝዌላ ኣብ ዘካየድናዮ ግጥም ውሑድ እዩ ነይሩ - ዕድል'ውን ሃንዲሱ እዩ። ኣቐዲመ'ውን ተዛሪበ ነይረ እየ፡ ነይማር ኣብ ታሪኽ ብራዚል ሓደ ካብ ዝበለጹ እዩ - እንተላይ ኣብ ኵዕሶ እግሪ ዓለም።" ብምባል፡ ኣብ ጎድኑ ደው ኢሉ።

## ውጽኢት ሽልማት ባሎን ድ'ኦር 2023 ኣቐዲሙ ልሒኹ ተባሂሉ

ብመሰረት'ቲ ዝተፈላለየ ምንጪታት ኤውሮጳ ትማሊ ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ ዘውጽኦ ዜና፡ ወጽኢት ሽልማት ባሎን ድ'ኦር 2023 ምልሓኹ፡ ሊዮኔል መሲ፡ ንሻሙናይ ግዜኡ ክዕወተላ ምዃኑን ተፈሊጡ።

ኣብ'ዛ ናይ ለሚ ዓመት ሽልማት፡ እቶም ቀንዲ መቐናቕንቲ ክኾኑ ከምዝኽእሉ ዝግለጹ - መሲን ሃላንድን እዮም። መሲ፡ ኣብ ዋንጫ ዓለም 2022፡ ሃገሩ ኣርጀንቲና ድሕሪ 36 ዓመታት ጽዋእ ከተልዕል ተራኡ ዒቢ ምንባሩ ኣየማጉትን። ዋላ'ኳ፡ ኣብ'ታ ኣቐዲማ ክለቡ ዝነበረት ፒኤስጂ ሕማቕ ወቕቲ እንተኣሕለፈ፡ በዛ ዓርሞሸሽ ሽልማት ግና፡ ተጠማቲ ከምዝኾነ'ውን እዩ ክግለጽ ወሪሑ።

ብመንጽሩ፡ ዝሓለፈ ዓመተ-ስፖርት ኣብ ኵዕሶ እግሪ ኤውሮጳ ልዕሊ ማንም ተጻዋታይ ዝኾልሐ ተጻዋታይ እንተ ነይሩ - ኣርሊንግ ሃላንድ እዩ። ሃላንድ፡ ኣብ'ታ ብሞልያ ማን ሲቲ ዘሕለፋ ቀዳመይቲ ዓመቱ፡ ብውልቁ ኣብ ኩሉ ውድድር 52 ሸቶታት ከመዝግብ እንከሎ፡ ሲቲ፡ ሰለሳዊ ጽዋእ ክትሰንድ መሪሕ ኣበርክቶ ነይሩዎ። በዚ ከኣ፡ ንመሲ ቀንዲ መቐናቕንቱ ንሱ ምዃኑ ብዙሓት ተንተንቲ የረድኡ። ኣብ ፍጻመ ጸወታ ዋንጫ ዓለም 2022 ሃትሪክ ዝሰርሐ እሞ፡ ዋንጫ ግና ብመሲ ዝተመንጠለ ኣጥቃዓይ ፈረንሳ ምባፐ እውን፡ ብመጠኑ ተጻዋዲ እዩ ነይሩ።

ይኹን'ምበር፡ መሲ፡ ንሻሙናይ ግዜኡ ነዛ ሽልማት ክዕትር ምዃኑ ተገሊጹ ኣሎ - እቲ ልሒኹ ዝበሃል ዘሎ ወጽኢት ቅኑዕ እንተኾይኑ። በዚ ከኣ፡ እዚ ኣብ'ዚ እዋን ምስ ኣመሪካዊት ክለብ ኢንተር ሚያሚ ዝጻወት ዘሎ ድንቂ ተጻዋታይ፡ 'ናይ ፈለማ ተጻዋታይ ካብ ኤውሮጳ ወጻኢ ነዛ ሽልማት ዝተዓወተላ' ክኸውን እዩ - ብመሰረት እዚ ምንጪ። ካብ'ቲ ቀንዲ መቐናቕንቱ ዝኾነ ክሪስቲያኖ ሮናልዶ ከኣ፡ ብሰለስተ ጽውኣት ክብ ክብል እዩ።



ብዘይካ'ዚ፡ ኣከፋፋሊት ሃገራዊት ጋንታ እስጳኛ ዝኾነት ኣታና ቦንማቲ፡ ዕውትቲ ናይ'ዛ ሽልማት ምዃና እቲ ምንጪ የረድእ። እዛ ጓል 25 ዓመት መንእሰይ፡ ንሃገራ ዝሓለፈ ወርሒ ኑሓሰ ዋንጫ ዓለም ክትዓትር ሓጊዛታ እያ። በዚ ኮይኑ በቲ፡ እዛ ሽልማት ድሕሪ 12 መዓልታት - ማለት 30 ጥቅምቲ ኣብ ፓሪስ ክትዕደል እያ።

## "ንተመኵሮ ሮናልዶ ክንጥቀመሉ ኣለና" ማርቲነዝ

ኣሰልጣኒ ሃገራዊት ጋንታ ፖርቱጋል ሮበርቶ ማርቲነዝ ኣጉዶሲ ባህሪ ክሪስቲያኖ ሮናልዶ ንዝበሎ 'ልዑል ተመኵሮኡ' ክጥቀሙሉ ከምዝለዎም ኣገንዚቡ።

ሮናልዶ፡ ሰሉይ ምሸት ንባዜያ ሂርዞቨና ብገፊሕ 5ብ0 ኣብ ዝሰዓሩሉ መጻረዪ ግጥሚት ዩሮ 2024፡ ንቕድሚት ክልተ ሸቶታት ብምቑጻር ጸብለል ኢሉ እዩ። ፖርቱጋል ከኣ፡ ኣብ ታሪኻ ሓዲሽ ክብረ-ወሰን ምዃኑ ዝተገለጸ ኸሽሞንተ ግጥሚት ብተኸታታሊ ክትዕወት እንከላ፡ ብዘቖልጠፈ ናብ ዋንጫ ኤውሮጳ ዝሰገረትላ ዓመት ከኣ ኣጽሒፋ ትርከብ።

ሮናልዶ፡ ኣብ ዋንጫ ዓለም 2022 ኣብ ናይ ኣውዳቕሻ ምሕላፍ ግጥም ተቐያሪ ምስ ዝገበሮ ናይ'ቲ እዋን ኣሰልጣኒ እዛ ጋንታ ዝነበረ ፈርናንዶስ ሳንቶስ ብዘይምስናዩ፡ መጻኢኡ ኣብ ጠልጠል ምንባሩ ይዝከር - ቅድሚ ማርቲነዝ ምምጻኡ። ይኹን'ምበር፡ ድሕሪ ዋንጫ ዓለም (ኣብ ጥሪ 2023) ነዛ ሃገራዊት ጋንታ ዝተቐበለ ማርቲነዝ፡ እዚ ጉዳም ኣጥቃዓይ ዛጊት ኣጉዳሲኡ ከምዝይጎደለ ብምሕባርን ቦታኡ ውሑስ ከምዘሎ ብምግላጽን ከምዝጸውዖ'ውን ይፍለጥ። ክሪስቲያኖ ብወገኑ፡ ዛጊት ኣብ ትሕቲ እዚ ኣሰልጣኒ ብቐዋሚ ብምስላፍ ብልጽቲ ዓመት ኣብ ምሕላፍ ይርከብ።

እስጳኛዊ ማርቲነዝ "ሮናልዶ ዝለዓለ ተመኵሮ ዘለዎ ተጻዋታይ እዩ። ንሕና ከኣ ክንጥቀመሉ ኣለና። ካብ ነፍሲ-ወከፈ ተጻዋታይ እቲ ዝበለጸ ብቕዓት ንምርካብ እንታይ ክንገብር ከምዘለና ኣጸቢቕና ንፈልጥ ኢና።" ክብል፡ ነዚ ወዲ 38 ዓመት ተጻዋታይ ክምዝምዝዎ ከምዝለዎም ኣረዲኡ። ብዘይካ'ዚ፡ ማርቲነዝ ኣብ ኣህጉራዊ ግጥሚት ብብቕዓት ክጻወቱ ግዜ ከምዝድልዮም ብምግላጽ፡ ሐደሞ ንዝለዉ ናይ ጋንታን ውልቂን ደረጃ ከምዝፈተዎ ኣረዲኡ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ሮናልዶ፡ በዘን ሸቶታት ተሓጊዙ 'ኣብ ዓመተ 2023፡ 40 ሸቶታት ዝበጽሐ ናይ ፈለማ ተጻዋታይ' ኮይኑ - ኣብ 43 ዝተፈላለዩ ግጥሚት፡ ትሸዓተ ሸቶታት ንሃገሩ፡ 31 ንኣልናስር ብምቑጻር። ኣብ ናይ ጸወታ ግዜኡ ከኣ፡ መበል 12 ዓመት እንተውሓደ 40 ሸቶታት ዘመዝገበሉ ኮይኑ። ኣብ ኤውሮጳ ዘለዉ ናይ'ዚ እዋን ተጠመትቲ ተጻወትቲ፡ ሃላንድን ምባፐን ብተኸታታሊ ብ39ን 38ን ሸቶታት ይስዕብዎ። እዚ ኣብ'ዛ ምሸት ሓንቲ ሸቶ ብፍጹም ቅላዕ ዘቑጸረ ፖርቱጋላዊ፡ ኣብ ናይ ጸወታ ግዜኡ መበል 160 ሸቶ እዩ ብፍጹም ቅላዕ ኣቖጺሩ። ብሓፈሻ ከኣ፡ ኣብ ኣህጉራዊ ውድድር ዝለዎ ናይ ሸቶ መሪሕነት ናብ 127 ኣብጺሕዎ ኣሎ።



# ዜና ወጻኢ

ሚርያም ኣብርሃም

## ቓዛ - ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ፍልስጤማውያን ኣብ ዶባት ግብጺ ይእከቡ

እስራኤል ኣብ ሰሜናዊ ቓዛ ጸዑቕ ደብዳብ ኣብ እተካይደሉ ዘላ እዋን፡ ሰላማውያን ፍልስጤማውያን ናብ ደቡባዊ ቓዛ ይግዕዙ ከምዘለዉ፡ ድሮ'ውን ብኣሽሓት ዝቑጸሩ - ኣብቲ ምስ ግብጺ ዘራኽብ 'ዶብ ራፋሕ' ተኣኪቦም ሰብኣዊ ሓገዝ ንምርካብ ኣብ ትጸበት ከምዘርከቡ ተሓቢሩ።

ሓሙስ ብ7 ጥቅምቲ ኣብ ልዕሊ እስራኤል ሓያል መጥቃዕቲ ድሕሪ ምኽፋቱ፡ እስራኤል ብነፈርቲን ከበድ ብረትን ጸዑቕ ደብዳብ ኣብ ርእሲ ምኪያዱ ኣብ ዶባት ቀራቡ ዘላ ልዕሊ 300 ሽሕ ሰራዊት እውን ብመሬት ናብ ቓዛ ከምዝኣቱ እያ ትገልጽ ዘላ።

ካብ መጥቃዕታት እስራኤል ንምርሓቕ፡ ልዕሊ 600 ሽሕ ፍልስጤማውያን ሰላማውያን ድሮ ናብ ደቡባዊ ቓዛ ግዒዞም ከምዝለዉ'ዩ ዝገለጽ።

ሃፈርቲ ኩናት እስራኤል ኣብ 'ዶብ ራፋሕ' ድሕሪ ዘቶየዳኦ ሰለስተ ናይ ኣየር መጥቃዕትታት፡ እቲ ዶብ ተዓጽዩ



ከምዝጸንሐ ዝሓበሩ ማዕከናት ዜና፡ ኣብ መንጎ እስራኤልን ሓማስን ክትግበር ብዝተሓሰበ ግለ ስምምዕ እቲ ዶብ ንግዚኡ ክኽፈት ይኽእል ይኸውን ዝብል ተስፋታት ከምዘሎ የረድኡ።

'ዶብ ራፋሕ' ካብ ቓዛ ናብ ግብጺ ዘእቱ ቀንዲ መተሓላለፊ መስመር ቓዛ ኮይኑ፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን በቶም ካብ ቤት-ንብረቶም ዝተመዛበሉ ፍልስጤማውያን ኣዕለቕሊቑ ከምዘሎ እዩ ዝንገር ዘሎ።

ብዚ 11 መዓልቱ ኣቑጺሩ ዘሎ ውግእ እስራኤልን ሓማስን፡ ብወገን እስራኤል ልዕሊ 1300፡ ብወገን ፍልስጤም ድማ ልዕሊ 2800 ሰባት ከምእተቐትሉ ጸብጻባት ይሕብሩ።

ብኻልእ ወገኑ እስራኤል፡ ኣብ ልዕሊ ሊባኖሳዊ ምንቅስቓስ ሕዝቦላህ ሓዲሽ መጥቃዕትታት ከምዝኸፈተት ሓቢራ፡ በዚ ድማ እቲ ውግእ ናብ ካልእ ከባቢታት ማእከላይ ምብራቕ ክይልሕም ዘሎ ስግኣት ከምዝዓረገ ዝተፈላለዩ ምስ'ቲ ጉዳይ ቀርበት ዘለዎም ወገናት ይሕብሩ።

ኣመሪካ ንእስራኤል እትገብረላ ዘላ ኩሉ መዳያዊ ሓገዛት ብዝያዳ ከምእትቕጽሎ ኣብ እተሰጽረሉ ዘላ እዋን፡ ኣብ መንጎ እስራኤልን ሓማስን ተወሲዑ ዘሎ ግጭት ዝኸፍኦ ሳዕቤናት ከየኸትል ስግኣታት ኣሎ።

ሩሲያን ኢራንን፡ ኣመሪካ እተርከበን ዝተፈላለያ ሃገራት ምዕራብ፡ ነዚ ኣብ ወሽመጥ ቓዛ ዝዋገር ዘሎ መጥቃዕትታት የጕሃህራኦ ከምዝለዋ እየን ዝገልጻ።

## ደ.ሪ.ኮንጎ - 43 ሬሳ ግዳያት ሓደጋ ጃልባ ተረኺቡ

ኣብ ደሞክራሲያዊት ሪፓብሊክ ኮንጎ፡ ብሓደጋ ምጥሓል ጃልባ፡ ናይ ዝሞቱ ሰባት - 43 ሬሳ ከምእተረኸበ ሚኒስተር መጉዓዝያ እታ ሃገር ኣፍሊጡ።

እቲ ሬሳታት፡ ኣባላት ሲቪላዊ ድሕነት እታ ሃገር ብዝቶየድዎ ናይ ምድላይ ስርሒት ከምእተረኸበ እዩ እቲ ሚኒስተር ብዝተወሳኺ ዝገለጸ።

ጠንቂ ናይ'ዚ ቅድሚ ክልተ መዓልታት ዝተኸስተ ሓደጋ ምጥሓል ጃልባ፡ ልዑል መጠን ሰከም/ክብደት ምንባሩ ይግለጽ።

ስለዚ ድማ፡ ተሓተትቲ ናይ'ቲ ሓደጋ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ንምእታው፡ መንግስቲ ዕቱብ ስራሕ ከምዝጀመረ ኣፍሊጡ።

ኣብዘ ዓመት እዚኣ ጥራይ፡ ኣብ ማያት ደሞክራሲያዊት ሪፓብሊክ ኮንጎ ኣስታት 88 ሓደጋታት ከምእተኸስተ ሚኒስተር መጉዓዝያ እታ ሃገር የገንዘበ።



## መንግስቲ ጋና፡ "ካብ ሓደጋ ዕልቕልቕ ልዕሊ 8 ሽሕ ህዝቢ ኣድሒነ" ይብል

ዓብይቲ ዲጋታት ጋና መሊኦም ክፈስሱ ብምጅማሮም፡ ንሓደጋ ተቓሊዖም ዝነበሩ ልዕሊ 8 ሽሕ ሰባት፡ ብዝተጎበረሎም ህጹጽ ሓገዝ ክድሕኑ ከምዝኸኣሉ መንግስቲ እታ ሃገር ገሊጹ።

እዚ ናይ ምድሓን መስርሕ፡ መንግስቲ ጋና ብመንገዲ ኣባላት



ሓይሊ ባሕሩ ምስ ካልኦት መሻርኽቲ ከምዝተኻየደ እዩ ዝሕብር ዘሎ።

ኣብ ጋና ብሸነኪ ዝወቕዐ ብርቱዕ ዝናብ፡ ብዙሓት ዲጋታት መሊአን ድሕሪ ምፍሳሰን፡ ኣስታት 12 ሽሕ ሰባት ካብ ቤት ንብረቶም ከምእተመዛበሉ ጸብጻባት ይጠቕሱ።

ሰዒቡ ኪጋጥም ዝኽእል ሓደጋታት ዕልቕልቕ ንምክልኻል፡ ብዙሓት ኣብ ምሕንባስ ዝጠቕዑ ክኢላታትን፡ ኣባላት ሲቪላዊ ድሕነትን ኣብ ተጠንቀቕ ክጸንሑ መንግስቲ ጋና ብዝተወሳኺ ትእዛዝ ኣመሓላሊፉ ኣሎ።

ኣብ ጋና ስግኣት ፈጢረን ዘለዋ ዲጋታት፡ ዝሓለፈ ወርሒ ብዝዘረመ ብርቱዕ ዝናብ እየን ልዕሊ ዓቕመን መሊአን ክፈስሳ ጀሚረን።

## ኣብ ብራሰለስ፡ ክልተ ሸወደናውያን ተቐቲሎም


ኣብ ብራሰለስ - በልጂየም፡ ሓደ ዕጡቕ ብዝኸፈቶ ተኹሲ፡ ክልተ ሸወደናውያን ስለዝተቐትሉ - ኣብ'ታ ከተማ ራዕዲ ተፈጢሩ።

ክልቲኦም፡ ናይ ሃገራዊት ጋንታ ሸወደን ማልያ ወደዮም ዝነበሩ ኲዮናም፡ ኣብ በልጂየም ናብ ዝካየድ ዝነበረ መጻረዪ ግጥም ዋንጫ ኩዕሶ እግሪ ንምስታፍ ይኸዱ ከምዝነበሩ እዩ ዝሕብር ዘሎ።

ብተወሳኺ፡ በቲ መጥቃዕቲ ካልእ ሓደ ሸወደናዊ እውን ብኸቢድ ተሃሲዩ፡ ኣብ ሕማቕ ኩነታት ከምዘሎ ይሕበር።

ብድሕሪ እዚ፡ እቲ ኣብ መንጎ ሸወደንን በልጂየምን ክካየድ ዝተሰርዐ መጻረዪ ግጥም ኩዕሶ እግሪ ከምእተሰናኸለ ማዕከናት ዜና ኣቃሊሐን።

ፈጻሚ መጥቃዕቲ ዛጊት



ከምዘይተፈልጠ ዝሓበረ ዋና ኣኽባር ሕጊ በልጂየም፡ ግብረ-ሽበራዊ መጥቃዕቲ ክኸውን ከምዝኽእል ኣሚቱ።

በዚ ኸኣ መንግስቲ በልጂየም፡ ኣብቶን ቀንዲ ከተማታት፡ ኣብ ምግታእ ሽበራ ዘተኮረ ልዑል ናይ መጠንቀቕታ ኣዋጅ ኣመሓላሊፉ።

ከም ኣካል'ቲ ኣዋጅ ኣብ ከተማ ብራሰለስ ተወሰኽቲ ሓይልታት ጸጥታን ፖሊስን ብምውፋር፡ ፈጻሚ ናይቲ መጥቃዕቲ ንምርካብ ጸዑቕ ስራሕ ከምዝካየዱ መንግስቲ ቤልጂየም ሓቢሩ። ኣብዚ ሕጂ እዋን ፖሊስ ከተማ ብራሰለስ፡ ፈጻሚ ገበን እዩ ብዝብል ሓደ ጥርጡር ከምዝቶቀተለ ኣፍሊጡ ኣሎ። ፕረዚደንት ፈረንሳ ኤማንወል ማክሮን፡ እቲ ኣብ በልጂየም ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ንምሉእ ኤውሮጳ ዘሕዝን ፍጻመ ከምዝኾነ ብምምልካት፡ ሃገሩ ብዝከኣላ መጠን ኣብ ጎድኒ በልጂየም ኮይና ሓገዛ ከምእተበርክት ገሊጹ።

## ሩስያ፡ እታው መግቢ ፉኪሽማ ከልኪላ

ሩሲያ፡ ካብ ከተማ ፉኪሽማ-ጃፓን ዝብገስ ፍርያት ባሕሪ ዝኾነ መግቢ ናብ መሬታ ከይኣቱ ከምዝኣገደት ብወግዒ ኣፍሊጣ።

ማያት ፉኪሺማ፡ ብኒኩሊሳዊ ጸርጊ ከምእተበከለ እትገልጽ ሩሲያ፡ ካብ ካልእ ከተማታት ጃፓን ዝዋሰር ዝነበረ እታው መግቢ እውን ግቡእ መጽናዕትታት ከምእትገብረሉ ኣሰሪራ ኣላ።

ጃፓን፡ ብኒኩሊሳዊ ጸርጊ ዝተበከለ ማያት ናብ ባሕሪ ምጽንባራ፡ ካብ ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይናን ደቡብ ኮርያን ብዙሕ ተቓውሞ ክገጥማ ምጽንሑ ይፍለጥ።

ኣብ 2011፡ ኣብ ፉኪሽማ ብዘጋጠመ ሓደጋ ምንቅጥቃጥ ምድርን ሓደጋ ሱናሚን፡ ኣብታ ከተማ ዝነበረ መመንጨዊ ኒኩሊሳዊ ጸዓት ጉድኣት ከምዝወረዶን ብሰንኩ ኣብቲ ትካል ናይ ጸርጊ ጸገማት ከምእተራእየን ናይ ሽዑ ጸብጻባት ይጠቕሱ።

ኣብዚ ሒዝናዮ ዘለና ዓመት ድማ፡ ጃፓን ኣብቲ ቅድሚ 12 ዓመት ብኒኩሊሳዊ ጸርጊ ዝተበከለ ማያት ፉኪሺማ፡ ናይ ምንጻህ ስራሓት ከምዝካየድ እያ ትሕብር ዝላ።

ብተመሳሳሊ ቻይና እውን፡ ብሰንኪ'ቲ ተበኪሉ ዘሎ ማያት ፉኪሺማ፡ ናብ ሃገራ ዝኾነ መግቢ ከይኣቱ ከምዝኸልከለት ኣቕዲማ ኣፍሊጣ እያ።

ጃፓን ኣብ ምንጻህ ማያት ፉኪሺማ ዝሓደ ኣብርክቶ ከምዘይገበረት ትወቅስ ቻይና፡ ኣብ 2022 ዋጋ 500 ሚልዮን ዶላር ሃብቲ ዓሳ ካብ ጃፓን ከምዘእተወት ይፍለጥ።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መስሓኒት ብርሃን | 18/10/2023 | ጎደና ሓድነት ቁ.121፡ ከባቢ ሲኖማ ኢምፔሮ | 120253 |
| | ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ | ቁ.ቴሌፎን 127565 | |

Sabur Printing Services